# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 35 ዓመት ቁ.261 ሓሙስ 2 ሓምለ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2 ዜና


ገጽ 3 ሐጺር ዝኽሪ ህይወት ...



ገጽ 4 ጽልዋ ጆን መይናርድ ኪይነስ ኣብ ዘመናዊ ስነ-ቁጠባ



ገጽ 5 መንነታዊ ኩርዓት ኣብ መንእሰያት፡ ...




ገጽ 11 ዙር ፈረንሳ 2026፡ ቀዳም ክጅምር እዩ





## ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ፡ ንማሕበረሰብ ዲፕሎማሲ መብርሂ ሂቡ

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ኣብ ኤርትራ ንዝመደበሮም ኣምባሳደራትን ዲፕሎማሰኛታትን፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብ'ፍሉይ ጸብጻብ ሰብኣዊ መሰላት' ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ብዛዕባ ክቐርብ ዝጸንሐ ደዋሪ ጸብጻባት ዝምልከት መብርሂ ሂቡ።

ኣብ'ቲ ትማሊ 1 ሓምለ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሚኒስተር ዑስማን፡ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ 14 ዓመታት ምስ ቤት-ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት፡ ሓፈሻዊ ጉባኤ ሕቡራት ሃገራት፡ ከምኡ'ውን ክልተኣዊ መስመራት፡ ጽኑዕን መትከላውን መርገጺ ሒዛ ከምእተጓዕዘት፣ ምስ 'ፍሉይ ጸብጻቢ ሰብኣዊ መሰላት' ተኣሳሲሩ ዝተኻየደ ርክባት ግና እወታዊ ውጽኢት ስለዘይተረኽቦ፡ ደጊም ኤርትራ ንተመሳሳሊ ዘይቅርዑይ ኣገባብ ኣሰራርሓ ንምምኻት ዲፕሎማሲያዊ ጸዓትን ግዜን ከምዚይተባኽስን ኣነጺሩ።

ብተደጋጋሚ ናብ ኤርትራ ዝጸጸረ ብወግዓዊ መስመራት ፍሉያት ፖለቲካዊ ኣካላት ሕቡራት ሃገራት ዝዘርጋሕ ንሓደ ሽንኽ ጥራሕ ዘሳሲ ዝንብዕ ትረኻ፡ ምስሊ ኤርትራ ኣብ ምድዋን ንዝተጻወቶ ተራ ዝጠቐሰ ሚኒስተር ዑስማን፡ ብ'ፍሉይ ጸብጻቢ ሰብኣዊ መሰላት' ዝቐርብ ዘንቀደ ጸብጻባት፡ ንውሽጣዊ ክውንነት ኤርትራ ዘየንጸባርቑ፣ ግጉይ ዓለማዊ ኣጠማምታ ዘተባብዑ፣ ከምኡ'ውን ወፍሪ ኣብ ልምዓታዊ መደባት ዘተዓናቕፍ ከምዝኾኑ ኣገንዚቡ።

እቲ ሓቂ እዚ ከሎ፡ ቤት-ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት፡ ናብ ግብራዊ ምትሕብባር ከምኡ'ውን ሃገራዊ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ክቐንዕ ዝኽእል ዝነበረ ብሚልዮናት ዶላራት ንዝሞገመት ጸጋታት ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ዘየርብሕ ንጥፈት የጥፍኦ ከምዝሎ ድማ ኣስሚሩሉ።

ሚኒስተር ዑስማን ኣስዒቡ፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ መትከላት ልኡላዊ ማዕርነት፡




ሓባራዊ ምኽባር፡ ዘይምትእትታው ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሓቀኛ ምትሕግጋዝ ዝተሰረተ ሽርክነት ዝለዎ ጽኑዕን ውፉይን መርገጺ ደጊሙ ኣረጋጊጹ።

ተሳቲፍቲ ብወገኖም፡ ከም'ዚ ዝበለ ናይ ምብህሃል ርክባት ቅኑዕ ርድኢት ንምፍጣር ሓጋዚ ስለዝኾኑ ብቐጻሊ ክስርሓሉ ተማሕጺኖም።

## ዓዲተከሌዛን - ቀረብ ዝስተ ማይ ንምውሓስ ይስራሕ ኣሎ

ኣብ ሓውሲ ኩተማ ዓዲተከሌዛን ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ንምውሓስ፡ ሰለስተ ተወሰኽቲ ምንጭታት ከምእተኻዕቲ፡ ሓላፊ ልምዓት ማይ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ የውሃንስ ብርሃነ ገሊጹ።

ኑቲ መደብ ንምትግባር ኣቐዲሙ መጽናዕቲ ከምእተኻየደ ብምሕባር፡ መስርሕ ምዝርጋሕ ገፉሕቲ ቱቦታትን ምስራሕ ተወሰኽቲ ታንከራትን ክቕጽል ምዃኑ ኣብሪሁ።

ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ሌተናል ኮሎኔል የማነ ሙብራህቱ ብወገኑ፡ ህዝቢ ንዝርኣዮ ተወፋይነት ብምምጓስ፡ ተጀሚሩ ዘሎ ፕሮጀክት ኣብ መፈጸምትኡ ንምብጻሕ እጃሙ ክበርክት ኣዘኻኺሩ።

ዘይውሕሉል ኣጠቓቕማ ማይ ካብ ቀንዲ ጠንቅታት ሕጽረት ማይ ምዃኑ ብምጥቃስ ድማ፡ ህዝቢ ኣብ ኣጠቓቕማ ማይ ዕቱብ ጥንቃቐ ክዘውትር ተላብዩ።

ነበርቲ ብወገኖም፡ ሕጽረት ማይ ንምፍዋስ ንዝኾነበር ዘሎ ኣበርክቶ ድሕሪ ምምስጋን፡ ተታሒዙ ዘሎ መደባት ንምዕዋት ድልውነቶም ኣረጋጊጾም።



## ተጋዳላይ ኅይትኦም ነጋሽ ተሰዊኡ



ገዳም ተጋዳላይ ኅይትኦም ነጋሽ ሓጎስ፡ ብ27 ሰነ ኣብ መበል 74 ዓመት ዕድሚኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ ወርሒ ጥሪ 1973 ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተጸንበረ ተጋዳላይ ኅይትኦም፡ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊትን ማእከላይ ሕክምናን ወድዩዎ፡ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።

ስውእ ተጋዳላይ ኅይትኦም፡ ብዋል-ሓዳርን ኣቦ ሰለስተ ደቅን እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ብ 28 ሰነ ሰዓት 4፡00 ድ.ቐ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ብምኽንያት ገዳም ተጋዳላይ ኅይትኦም ነጋሽ ሓጎስ ዝተሰምዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።

# ስዉር ኣጀንዳ ዘለዎ ተንኩል!

ኣብ'ዚ ቅንያት'ዚ፡ ጉዳይ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ኤርትራ፡ ብጠለ ወኻናት ዳግማይ ኣዘራቢ ዛዕባ ኰይኑ ይቀላቐል ኣሎ።

እዚ "ሓድሽ ተጐዳስነት"፡ ንኤርትራ ሰናይ ካብ ዝሓስቡ ወኻናት ዝመጸ ኣይኮነን። ከም "መሳርሒ" ንዝይምኽኑይ ከይሲ ፖለቲካዊ ኣለም እናናቡዕ ከም ዘውጣውጥዎ "ሻሞጥ" ክግለጽ ይከኣል።

እቲ ሰኑመጉት፡ ቀሊልን ንጹርን'ዩ። ኣብ'ቲ ከቢድ መድረኻት ዘመናዊ ታሪኽ ኤርትራ፡ ማለት ህዝቢ ኤርትራ ዝተመንዘዐ ማሰሉ ንናጽነት ንምምላስ ን30 ዓመታት ዝቐጸለን ከቢድ ማስዋእቲ ዝሓተተን ቃልሲ ኣንጻር መግዛእቲ ኣብ ዘካይደሉ ዝነበረ እዋን ብሓም ዘይብላን ተሓባበርቲ ዝነበሩን ድሕሪ ናጽነት'ውን እቲ ልሙድ ናይ ተጻብኦ ኣጀንዳኦም ዝቀጸሉ ዝኸሲሳ ዘለዎን ሃገራት ይኹና ኣህጉራውያን ትካላት፡ ብዛዕባ መዋቕር ምክልኻል ኤርትራ ክዛረባ ሕጋዊ ይኹን ሞራላዊ ሓላፍነት የብለንን።

ኣብ'ዚ ክለዓል ዝኽእል ሓደ ዓቢ ሕቶ'ሎ። እቶም ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ'ቲ ጸገም ትብለሉ እዋናት ዝሓደግዎ፡ ሎሚ ከም "ሰብ ሰናይ" መሻርኽቲ ተመሳሲሎም፡ ዝሓተትዎም ዘይብሎም "ምኽሪ" - እሞ ኸኣ ብዛዕባ መዋቕር ምክልኻሉ ክልግሱ፡ ንምንታይ ዕላማ?!

ኣብ ኤርትራ፡ ብዛዕባ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘሎ ሓቅታት ዘኸሳሙን ሓቂ'ቅ ከም ማይ ንግሆን'ዩ።

1. ፈለማ፡ ምፍናው ኣባላት ሰራዊት ኣብ ኤርትራ ሓድሽ ኣምር ኣይኮነን። መንግስቲ ኤርትራ ኣብ 1992 - ቀጥታ ድሕሪ ናጽነት፡ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ 100,000 ዝበጽሐ ዝነበረ ቀጽሪ ተጋደልቲ ብ65% ንምንካይ፡ ብጥዑእ ፍቓዱ ናይ ምፍናው መደብ ኣውጺኡ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ዝነበረ ወተሃደራዊ ስጉሓስቡ፡ ኣብ እዋን ግጭት ሓደጋ ብዕቑር ሰራዊት (ሃገራዊ ኣገልግሎት) ዝድገፉ 35,000 ሞያዊ ሰራዊት ንምሓዝ'ዩ።

2. በዚ መንጸር፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣካል ናይ'ዚ ወተሃደራዊ ስጉሓሳብ ኩይኑ ተኣታትዩ። ብሕጊ ድማ፡ ኣብ 18 ኣዋርሕ ዝተደረተ'ዩ። ክሳብ'ቲ ኢትዮጵያ ኣብ 1998 ብጉልባብ ዶብ ቅሉዕ ወራር ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝኣወጀትሉ ድማ፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት በዚ ቅጥዒ'ዚ'ዩ ዝቅጽል ነይሩ።

3. ኣብ 2001 እውን፡ መንግስቲ ኤርትራ ብመሰረት ስምምዕ ሰላም ኣልጀርስ፡ ግዙፍ ናይ ምፍናው መደብ ኣጠኒሱ። እዚ ካልኣይ ናይ ምፍናው መደብ፡ ብኣህጉራውያን መሻርኽቲ ኤርትራ ከም ዓለማዊ ባንክ፡ ኤውሮጳዊ ሕብረትን ካልኦት ማሕበራትን ዝምወል ናይ ስልጠናን ዳግመ ምምዳብን ክፋላት ዝሓቀፈ'ዩ ነይሩ። በዚ መደብ'ዚ፡ ክሳብ 2007 ልዕሊ 105,000 ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ተፋንዮም። እንተኾነ፡ ስርዓት ኢትዮጵያ ንዝኽተመሉ ስምምዕ ጥሒሱ፡ ባድመ እትርከቦ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ ምቁጻሩ ስለዝቐጸለን ተጻባኢ ተግባራቱ ስለዘየቋረጸን እቲ መደብ ኣይቀጸለን።

4. ኣተሓሳስባ ናይ'ዚ ሕጂ ኣብ ስልጣን ዘሎ ስርዓት ኢትዮጵያ'ውን፡ ኣብ ብዙሕ መዳያት፡ መቐጸልታን ዝኸፍኣን ገጽ ዝቐደምዎ ስርዓታት'ዩ። ንዝኽተልዎ ዝነበሩ ግጉይን ከውግዘ ዝዋግቡኦን ፖለሲታት ብዝኸፍአ መልክዑ'ዩ ቀጺልዎ።

5. ኣብ'ዚ ፈታኒን ከቢድን እዋን'ውን እንተኾነ፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ'ቲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝፈጥሮ ከቢድ ጾር ንምፍኳስ፡ ዝተፈላለየ ስጉምቲታት ክወስድ ጸኒሑ'ሎ። እቲ ስጉምቲታት፡ ደሞዝ ሲቪላዊ ኣገልግሎት ክብ ብምባል፡ ዝጠዘሉ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ'ዚ ጽላት'ዚ ከምዝሕቀፉ ምግባር ይርከቦ።

6. እዚ ሕጂ ብጠለ ወኻናት ኣንጻር ሃገራዊ ኣገልግሎት ተጀሚሩ ዘሎ ናይ ጸለመ ዘመተ እምበኣር፡ ምስ ረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ኩነ ዞባዊ ሰላምን ምርግጋእን ዝኾነ ምትእስሳር የብሉን። ስዉር ኣጀንዳ፡ ወጺኡ ተንኮል'ዩ።

---

ዜና

## ከረን - ጽበት ኣብያተ ትምህርቲ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ኣቓልቦ ክወሃቦ ተሓቲቱ

ኣብ ከተማ ከረን፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ እናበረኸ ብምምጽኡ፡ ናብ መእዲ ትምህርቲ ክጸንብሩ ዝሓተቱ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ቁጽሮም ይዛይድ ስለዘሎ፡ ጽበትን ዋሕድን ኣብያተ-ትምህርቲ ዕቱብ ኣቓልቦ ክወሃቦ ተሓቲቱ።

ዳይረክተር ቤት-ትምህርቲ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ኣብ ከረን መምህር ዓሊያ ዓብደልቃድር ኣብ ዝሃቦቶ ሓበሬታ፡ ዓቕሚ ናይ'ዛ ቤት-ትምህርቲ ውሱን ስለዝኾነ፡ ተወሰኽቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ክኽፈታ ተላቢዩ።

እዛ ኣብ ኣካዳሚያዊ ዓመት 2012/2013 ኣገልግሎት ዝጀመረት ቤት-ትምህርቲ፡ ሎሚ ዓመት ን346 ተመሃሮ ኣገልግሎት ክትህብ ምጽናሓ ብምሕባር፡ ምስ ዝርአ ዘሎ ናይ ምምሃር ድሌት፡ ተወሰኽቲ ክፍልታት ክስራሕ ምስ መሻርኽቲ ኣካላት ብምትሕብባር ዝተኻየደ ጻዕሪ፡ ንዘጋንሐ ጸዕቂ ብመጠኑ ዘቃልል ከምዝኾነውን ኣሚታ።

መምህር ዓሊያ ኣብ መወዳእታ፡ ንስንኩላን ቁልዑ ምምሃር ልዑል ተገዳስነት፡ ድሌት፡ ተበላሕትነትን ዓቕልን ከምዝሓትት ብምጥቃስ፡ ኣብ'ዚ ንዝሰተፉ ዘለዉ መምህራን መጒሱ።

ኣብ ከተማ ከረን፡ ምስ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዝነብሩ 380 ኣባላት ማሕበር ከምዘለዉ ዝፍለጥ'ዩ።



---


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284


## መንደፈራ - ንተመሃሮ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ስልጠና ስእሊ ተዋሂቡ

ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ዝንባለ ናይ ኣድ ስእሊ ንዘለዎም ተመሃሮ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ዝወደቦ ናይ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ስልጠና ተዛዚሙ።

ብ26 ሰብ ኣብ ዝተኻየደ መዛዘሚ ስነ ስርዓት፡ ኣቲ ስልጠና ዘካየዱ መምህራን ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ኣብ'ቲ ስልጠና 13 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 45 ተመሃሮ ከምእተሳተፉ ብምጥቃስ፡ ኣብ መባእታዊ ኣምራት ስእሊ፡ ሕብርን ኣጠቓቕማ ሕንጻጻትን ዘተኩረ ምንባሩ ሓቢሮም።

ሓላፊ ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን መምህር ተኽስተ ተኽለ ብወገኑ፡ እቲ ስልጠና ኣካል ናይ'ቲ ተውህቦ ተመሃሮ ኣብ ጥበብ፡ ምህዞን ሰንዓን ንምኽስስኳስ ዝሰላሰል መደብ ከምዝኾነ ጠቒሱ፡ ዝንባለ ተመሃሮ ንምምዕባል ዝቕጽሉ ንጥፈታት ክድፋኣሉ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊት ትምህርቲ ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ መምህር ብኣለ ኣርኣያ ብወገኑ፡ ኂሩ'ዚ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ዝንባለ ተመሃሮ ኣለሊኻ ዝውሃብ ስልጠናታት ኣብ መጻኢ ሂወቶም ጸቡ'ቕ ድርኺት ዝፈጥር ምዃኑ ብምሕባር፡ ተመሃሮ ቀሲሞሞ ዘለው ትምህርቲ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንምብጻሑ ደገፍ ወለዲ ከይፍለዮም ተማሕጺኑ።

ኣብ መወዳእታ ወለዲ፡ ብቐዓት ደቆም ንምዕባይ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ ኣድላዪ ደገፍ ከምዝህብሩ ኣረጋጊጾም።



# ሓጺር ዝኽሪ ህይወት
## ሓርበኛ ተጋዳላይ ኪዳነ ተኽለማርያም
(ኣብ ስነ-ስርዓት ቀብሩ እተነበበ)



ትማሊ ንግሆ፡ ካብ ትጽቢት ኩልና ወጻኢ፡ ዘሰንበድ መርድእ ሰሚዕና። ዳይረክተር ጨንፈር ምምሕዳርን ፋይናንስን ክፍሊ መሻንደስነት፡ ሚኒስትሪ ዜና፡ ጉዳም ተጋዳላይ ኪዳነ ተኽለማርያም (ብጻይ ወዲ ተኽሊ) ብሃንደበት ተሰዊኡ፥ እንሆ ብኽብሪ ክንሰናበቶ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ተኣኻኺብና ኣለና።

ብ14 ለካቲት 1956፡ ካብ ኣቶ ተኽለማርያም ገብረሚካኤልን ወይዘሮ ንግስቲ ተድላን ኣብ ኣኽሩር ዝተወልደ፡ ሓርበኛ ተቓላሳይ ኪዳነ ተኽለማርያም፡ ግዜ ቁልዕነቱ ኣብ ዓዱ'ዩ ዓቢዩ። መጀመርታ ትምህርቱ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣኽሩር ተማሂሩ። ብድሕሪኡ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ሰታውያንን ቅዱስ ጳውሎስን ኣስመራ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ትምህርቱ ተኸታቲሉ 12 ክፍሊ በጺሑ።

ብጻይ ኪዳነ ምስቲ ኣብ መፋርቕ 1970ታት ዝነበረ ፖለቲካዊ ኩነታት፡ ከም ኩሎም ናይቲ መድረኽ'ቲ መንእሰያት ኤርትራ፡ ልዑል ሃገራዊ ስምዒት ስለ ዝሓደሮ፡ ሃገሩ ካብ መግዛእቲ ሓራ ንምውጻእ፡ ብ20 መጋቢት 1978 ናብ ሜዳ ቃልሲ ብምጽንባር፡ ኣብ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ተሰለፈ። ግቡእ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ታዕሊም ድሕሪ ምቕሳም ከኣ፡ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ብርጌድ 8 በጦሎኒ 3 ተመደበ።

ብጻይ ኪዳነ ንልዕሊ ሓደ ዓመት ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ኣብ ዝጸንሓሉ፡ ብደረጃ ተራ ተዋጋኢን ምኽትል መራሒ ማሰርያን ኣብቲ ተረር ግጥማት ስትራተጂያዊ ምዝላቕ፡ ዓዲ-ያዕቆብ፡ ጎንፈሎም፡ ሕዳይን ናቕፋን ተሳቲፉ፣ ሰለስተ ግዜ መውጋእቲ ኣጋጢሙዎ። ብድሕሪኡ ካብ ተዋጋኢ ሰራዊት ተፋንዩ፡ ኣብ ጥቅምቲ 1979 ናብ ክፍሊ ዜና ህዝባዊ ግንባር፡ ጨንፈር ስእሊ ተቐይሩ፣ ናይ ፎቶግራፍ ስልጠና ወሲዱ ስኣላይ ኮይኑ ተመደበ።

ብዂነራዊ ስራሕ ጸቡቕ ምልክት ሞያ ስእሊ ዘጥረየ፡ ሓርበኛ ተጋዳላይ ኪዳነ ተኽለማርያም፡ ካብ 1979 ክሳብ ናጽነት 1991፡ ካብ ሞያኡ ከይተፈልየ፡ ምስ ካልኦት ወፋያት መሳርሕቱ ኣባላት ክፍሊ ዜና፡ ኣብ ደጀንን ድሕሪ መስመርን እናተንቀሳቐሰ፡ ኣብ ውዑይን ዘሐልን ኩነታት እናተሳተፈ፡ ታሪኽ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብስእሊ ንምስናድ፡ ብሉጻን ኣብሪን ስራሕ ዝፈጸመ ብጻይ እዩ። ኣብ ሃገራዊ ባጤራና ኣብ 5 ናቕፋ ሰፈራ ዘላ ዳዕሮ ንኣብነት ናይ ወዲ ተኽሊ ስእሊ እያ። ብጻይ ኪዳነ ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ ኣብ ዝንቀሳቐሰሉ ዝነበረ ኣብ ርእሲ ናይ ስእሊ ስርሑ፡ ሪፖርተር ኮይኑ እውን ብዙሕ ጽሑፋት የበርክት ነይሩ።

ብጻይ ኪዳነ እቲ ነዊሕ ዝተቓለሰሉን ዝደኸመሉን ጉዕዞ ናጽነት ተዛዚሙ፡ ኤርትራ ሓራ ድሕሪ ምውጻኣ እውን፡ ኣብ ዜናዊ ስርሓት እዩ ቀጺሉ። ልክዕ ከም ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ድማ፡ ኣብ ምዕቃብ ናጽነትን ህንጸት ሃገርን ብሞያኡ ዓቢይቲ ዕማማት ፈጺሙ። ብጻይ ኪዳነ ድሕሪ ናጽነት፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ንፎቶግራፍን ምሕደራን ዝምልከት ዝተፈላለየ ስልጠናታት ብምውሳድ፡ ክእለቱ ዘማዕበለ ብጻይ እዩ። ወዲ ተኽሊ፡ ብሃገራዊ ደረጃ፡ ኣብ ዝተወደበ ውድድር ስእሊ ሓንሳብ፡ ብዓዘ ደል ኢታልያ ኣብ ዝተወደበ ውድድር ስእሊ ድማ ክልተ ግዜ ዝተዓወተ ክኢላ ስኣላይ እዩ።

ኣብ መጋቢት 1989 ምስ ተጋዳሊት ኣብርሀት ተኽሉ፡ ቃል ኪዳን ዝኣሰረ ሓርበኛ ብጻይ ኪዳነ ተኽለማርያም፡ ኣቦ ኣርባዕተ ውሉዳት እዩ።

ሓርበኛ ተጋዳላይ ኪዳነ ተኽሊ፡ ክሳብ ዕለተ ማስዋእቱ ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ኣብ ዝሰርሓሉ፡ ኣብ ጨንፈር ስእሊ ሓላፊ ስታፍ ሰኣልቲ፡ ኣብ ክፍሊ ሬድዮ ኣገልግሎት ወጻኢ ሓላፊ ጨንፈር ኮይኑ ኣገልጊሉ። ኣብዚ ዳሕረዋይ ዓመታት ከኣ፡ ኣብ ክፍሊ መሻንደስነት ሚኒስትሪ ዜና፡ ሓላፊ ጨንፈር ምምሕዳርን ፋይናንስን ኮይኑ፡ ሃገርን ህዝብን ዘሰከሞ ሓላፍነት ብልዑል ተወፋይነት እናፈጸመ፡ ምምሕዳራዊ ብቕዓትን ኣፍራይነትን ሚኒስትሪ ዜና ንምዕባይ እጃሙ ዘበርከተ ዜጋ እዩ። ብጻይ ኪዳነ ተኽሊ፡ ከም ሰኣላይ፡ ብስራሕ ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ወጻኢ፡ ብምንቅስቓስ፡ ዝተዋህቦ ዕማም ብብቕዓት ዝፈጸመ እዩ።

ብጻይ ኪዳነ ብሃገራውን ሞያውን ኣበርክቶኡ ጥራይ ዘይኮነ፡ ከም ውልቀሰብ - ሰብኣዊ ባህርያቱ እውን ብኣርኣያነት ክጥቀስ ዝኽእል እዩ። ምስ ዓበይ ይኹን ንእሽቶ፡ ሓላፊ ይኹን ተራ ብቐለሉ ዝረዳዳእ፡ ህዱእ፡ ዓቃል፡ ምቕሉል፡ መኽበሪ ሰብ፡ ብጉዳይ ሰባት ግዱስን ተሓባባሪን ብምንባሩ ብመሳርሕቱን ስድራቤቱን ፈተውቱን ምስጉንን ቅቡልን ብጻይ እዩ ነይሩ።

ከምዚ ዝኣመሰለ ክቡር ብጻይ፡ ኣብ ስራሕ ኣምሰዩ፡ ካብ ትጽቢት ኩልና ወጻኢ፡ ሃንደበት ተሰዊኡ ክበሃል እንከሎ፡ ዝስምዓና ሓዘን ምጽሩ ከቢድ እዩ። ማስዋእቱ ክሳብ ክንድ'ዚ ይቕልጥፍ ኣይበልናን። ብጻይ ኪዳነ ዝበሮ ናይ ጥዕና ጸገማት ተጻዊሩ፡ ኣብ ንጡፍ ስራሕ እንከሎ እዩ፡ ብ29 ሰነ 2026 ኣብ መበል 70 ዓመት ዕድሜኡ ተሰዊኡ። እንሆ ድማ፡ ሎሚ 01 ሓምለ 2026 ፍርቂ መዓልቲ፡ ስድራቤቱ፣ መሳርሕቱ፡ መቓልስቱን ብዙሓት ፈተውቱን ኣብ ዝተረኽብሉ፣ ብኽቡር ዝበለ ስነ-ስርዓት ሓመድ ኣዳም ለቢሱ።

ሞት ናይዚ ክቡር ብጻይ፡ ንስድራቤቱ ከምኡ'ውን ንሃገርን ህዝብን ዓቢ ክሳራ ይኹን'ምበር፣ ብጻይ ኪዳነ ኣብቲ ዝተዋህቦ ዕማም፡ ብምሉእ ዓቕሙ ንሃገሩን ህዝቡን ተወፍዩ ዝሰርሐ ብምዃኑ፣ ነቲ ብዙሕ ዝጽመመሉ ጉዕዞ ህይወቱ ብሓበን እናዘከርና ኢና ንፋንዎ ዘለና።

ሚኒስትሪ ዜና፡ ብማስዋእቲ ናይዚ ክቡርን ምስጉንን መሳርሕቲ፡ ጉዳም ተጋዳላይ ኪዳነ ተኽለማርያም፡ ዝተሰምዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፣ ንስድራቤቱን ፈተውቱን ጽንዓት ይሃብኩም - ጽንዓት ይሃበና ይብል!

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!!**

---

ዜና

# ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ዝነብሩ ዜጋታት፡ ንመሰሰኒ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ወፈያታት ገይሮም

ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ዝነብሩ ዜጋታት፡ ንመሰሰኒ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታትን ምንባይ ስድራ ስውኣትን ገንዘባዊ ወፈያታት ከምዝገበሩ፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ሓቢሩ። በዚ መሰረት፡

- ኣብ ሱዳን ዝነብሩ ኤርትራውያን 5,500.00 ዶላር ኣመሪካ፣

- ብማሕበር ሕድሪ ሰማእታት ዝፍለጡ ኤርትራውያን ነበርቲ ሲንሲናቲ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ 5,000.00 ዶላር ኣመሪካ፣

- ማሕበርኮም ኤርትራውያን ኣብ ቦርሌንገን ከባቢኣን፡ ፋሉን ረትቪክ - ሽወደን 41,178 ናቕፋ፣

- ኤርትራውያን ተቐማጦ ኤልሞሁልትን ከባቢኣን - ሽወደን 13,389 ናቕፋ፣

ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማ ሄስለሆም - ሽወደን ድማ 11,261 ናቕፋ ንመሰሰኒ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ኣበርኪቶም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡

- ብኤራ-ኣሶሸሽን ደቡባዊ ምዕራብ ስዩክሆልም ዝፍለጡ ዜጋታት 212,865 ናቕፋ፣

- ማሕበርኮም ኤርትራውያን ኣብ ሮጋላንዳ - ኖርወይ 10,000 ዶላር ኣመሪካ፣

- ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ሓላይ 36,060 ናቕፋ፣

- ነብራት ኑርምበርግ - ጀርመን ዝኾኑት ወ/ሮ ጸገወይኒ ተስፋዝጊ 700 ዩሮ፣

- ከምኡ'ውን ነበርቲ ስዊዘርላንድ ዝኾኑ ኣቶ ኪዳነ ገብረመድህንን ወ/ሮ ኣመተጼን ገብረሂወትን 400 ዶላር ኣመሪካ ንምንባይ ስድራ ስውኣት ወፍዮም።

---

# ዋሕዲ ድቃስ፡ ኣብ ኣፍራይነት ደቂ-ሰብ ዓቢ ጽልዋ ከምዘለዎ ተገሊጹ

ዋሕዲ ድቃስ፡ ሕማማት ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ወዲ-ሰብ ከምዝናኽዮ፡ ኣብ ሆስፒታል ከረን ሓፈሻዊ ሓኪም ዶ/ር ኣማኑኤል ገብረትንሳኤ ገሊጹ።

ዋሕዲን ብዝሕን ድቃስ ጠንቂ ዝተፈላለዩ ሕዱራት ሕማማት፡ ከም ሕማም ሽኮር፡ ሕማም ልቢ፡ ሕማማት ስርዓተ መፍረ፡ ምኽሳዕን ጸቕጥን ክኸውን ከምዝኽእል ዝሓበረ ዶ/ር ኣማኑኤል፡ ምስ ብቕዓት ሓንጎል ስለዝተሓሓዘ'ውን ኣብ ኣፍራይነት ዓቢ ጽልዋ ከምዘሕድር ኣብሪሁ።

ንኣእምሮኣውን ኣካላውን ረብሓታት ድቃስ ብዝምልከት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ናይ ምዝካርን ትኩረትን ዓቕሚ ዘበርኽ፣ ናይ ምምሃርን ምምሃርን ንቕሓት ዘዕቢ፣ ዝተጎድኡ ዋህዮታት ዝጽግን፣ ሚዛን ዓቐን ሆርሞናት ኣብ ደም ዝሕሉ፣ ጥዕና ልብን ስርዓተ ዙረት ደምን ዘመዓራሪ ከምኡ'ውን ቅርጺ ኣካላትና ዝሕሉ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ግቡእ ሰዓታት ድቃስ ኣብ እዋን ለይቲ ብዕድመ ከምዝፈላለ ዝጠቐሰ ዶ/ር ኣማኑኤል፡ ካብ 20 ዓመት ንላዕሊ ዝርከቡ ካብ 7 ክሳብ 9 ሰዓታት፡ ኣብ ክሊ ዕድመ 13 ክሳብ 19 ዝርከቡ ካብ 8 ክሳብ 10 ሰዓታት፡ ተመሃሮ ካብ 9 ክሳብ 12 ሰዓታት፡ ህጻናትን ናጽላታትን ድማ ልዕሊ 12 ሰዓታት ክድቅሱ ከምዝግብኦም ኣረዲኡ።

እትድቅሰሉን እትትንስኣሉን ወሰን ሰዓት ምፍላይ፣ ቅድሚ ምድቃስካ ፍኹስ ዝበለ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምዝውታር፣ ስክሪን ምውጋድ፣ ከምኡ'ውን ኣነቓቓሒ ጭኣታ ዘለዎ መግብን መስተን ዘይምውሳድ፡ ገለ ካብ'ቶም ልዋም ዘለዎ ድቃስ ንምስትምቓር ዝሕግዙ ልምድታት ምዃኖም'ውን ገሊጹ።

ወልፍን ድቃስን ምትእስሳር ከምዘለዎም ዝሓበረ ዶ/ር ኣማኑኤል፡ ዋሕዲ ድቃስ ዘለዎም ሰባት ወይ ዘይድቅሱ ሰባት ንወልፊ ክቃልዑ ዘሎ ዕድል ሰፊሕ ከምዝኾነ፡ ምስ ወልፊ ዝነብሩ ሰባት ድማ ብስእነት ድቃስ ከምዝሳቐዩ ብዝተወሰኸ ኣብሪሁ።



ድቃስ ኣርባዕተ ደረጃታት ዘለዎ መሳርሒ ህይወት ክኸውን ከሎ፡ እቲ ቀዳማይ ደረጃ 'መሰጋገሪ ድቃስ' ዝበሃል ንሓንጎልና ዘቃቕሕ፣ እቲ ካልኣይ 'ፈኲስ ድቃስ' ናይ ምዝካር ዓቕምና ዘዕቢ፣ እቲ ሳልሳይ 'ዓሚቝ ድቃስ' ጥዕና ኣካላትናን ሕማማት ናይ ምጽዋር ዓቕምናን ዘሐይል፣ እቲ ራብዓይ ድማ ንሓፈሻዊ ጥዕና ኣእምሮና ዝሕሉ ደረጃ ከምዝኾኑ ክኢላታት ይሕብሩ።

---

# ዓዲ-ኳላ - ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ መደባት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ኣሰላሲሎም

ኣብ ዓዲ-ኳላ፡ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ብሞያውያን ሕርሻ እናተመርሑ ወፈራታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ኣሰላሲሎም።

ኑቲ ስራሕ ዝመርሑ ሰብሞያ ሕርሻ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እቲ መደብ መቐጸልታ ናይ'ቲ ብዞባዊ መላእ ነበርቲ ኣብ መሬት ሕርሻ ክፍጸም ዝጸንሐ ናይ ምዝላይን ምምድማድን መደባት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ጥቡዝነት ማይ ዓቂቡ ኣብ ጥቕሚ ንምውዓል ዝዓለመ ከምዝኾነ ገሊጾም።

ክኢላ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ኣቶ ወልደንክኤል ፍስሃ፡ ምዕቃብ ማይን ሓመድን እቶታውነት ሕርሻ ንምስሳንን ትሕተ-ባይታዊ ማይ ንምህብታምን ኣገዳሲ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ዝዐደ ዘሎ ስራሓት ዝያዳ ውጽኢት ምእንቲ ክህቡ፡ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ተመሳሳሊ ተበግሶታት ክውሰድ ኣዘኻኺሩ።

ርእሰመምህር ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ዓዲ-ኳላ መምህር ተስፋይ ተስፋሚካኤል ድማ፡ እቲ ተበግሶ ንሓረስቶት ደገፍ ንምግባር ዝተወስደ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

# ቁጠባን ዋኒንን

ተሰፊት ሓጐስ

ሉል ተስፋይ
ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን

## ጽልዋ ጆን መይናርድ ከይነስ ኣብ ዘመናዊ ስነ-ቁጠባ

ኣብ ህይወት ህዝብታትን ኩነታት ሃገራትን ዓቢ ጽልዋ ካብ ዘገድፉ ክስተታት ቁጠባዊ ምዕባለታት እዩ። ክብን ስጠቕታን ቁጠባዊ ኩነታት፡ ርግኣት ኣብ ምፍጣር ይኹን ቅልውላው ኣብ ምስዓብ ዓቢ ተራ ኣለዎ። ማሕበረ-ቁጠባዊ ኣውዳድባን ምዕባለን ሕብረተሰብ ዓለም'ውን እንተኾነ ብቑጠባዊ ምዕባለን ምስዕጋርን ብቐጥታ'ዩ ዝጽሉ። ዝ. ንምጽናዕን ጭብጥ መፍትሒታት ንምንዳይን ድማ ብርክት ዝበሉ ክኢላታት ስነቑጠባ ዓብይቲ ክልሰ-ሓሳባትን መጽናዕትታትን ኣበርኪቶም እዮም።

ርእሰማልነትን ዴሞክራሲን ከም ስነ-ሓሳባት ዓብላልቲ ቁጠባዊ ክልሰ-ሓሳባት ኮይኖም ንብርክት ዝበለ ዓመታት ጸኒሖም እዮም። ንኽልቲኦም ስነ-ሓሳባት ዝምልከት ብርክት ዝበለ ኣምራት'ውን ኣብ ጠበቓ እዋን ተጻሒፉን ይቕጽልን ኣለዉ። ዝ. ስነ-ሓሳባት ኣብ ምምዕባልን ምውዳድን ብዘበርከትዎ ግሉሕ ተራ ብፍሉይ ዝጥቀሱ ስነቑጠበኛታት ድማ ኣለዉ። ክንዲ ዝኾነ ከኣ ኣዳም ስሚዝ ኣቦ ርእሰ-ማልነት፡ ካርል ማርክስ ድማ ኣቦ ዴሞክራሲ ተባሂሎም ዝጽውዑ ሊቃውንቲ እዮም።

ኣዳም ስሚዝ ኣብ 1776 ዝሓተሞ 'ጽህሁፍ ኣብ መንቀሊታትን ዓይነትን ሃብቲ ሃገራት' ዝርእሰቱ መጽሓፍ፡ ኣብ ዘመናዊ ስነቑጠባን ርእሰማልነትን ኣዝዩ ጸላዊት መጽሓፍ'ያ። ካርል ማርክስ ምስ ፍሪደሪክ ኤንግልስ ብምትሓባር ኣብ 1848 ዝሓተሞ 'ማኒፌስቶ ዴሞክራሲ' ዝርእሰታ መጽሓፍ ድማ ኣዝዩን ጸለውትን ዓብይትን መወከሲ ናይ ዴሞክራሲ ካብ ዝኾና መጽሓፍቲ ሓንቲ'ያ።

ርእሰማልነት ዓብላሊ ቁጠባዊ ስነ-ሓሳብ ብምዃኑ ኣብ ዝተጓዕዘሉ እዋን፡ ብርክት ዝበላ ሃገራት ምዕራብ ኣብ ክላሲካዊ ቁጠባዊ ስነ-ሓሳብ መሰረት ገይረን ቁጠባዊ ጉስጓስ ኣመዝጊበን እየን። ስነ-ሓሳብ ክላሲካዊ ርእሰማልነት 'ውሱን' ዝኾነ ምትእትታው መንግስቲ ኣብ ቁጠባ ዝፈቅድ ወይ ዝቕበል'ዩ። እቲ ኣብ መጀመርያ 1930ታት ብሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ጀሚሩ ናብ መላእ ዓለም ዝለሓመ ቁጠባዊ ነውጺ ድማ ነቲ ቀስ ብቐስ ክዕፍፍ ጀሚሩ ዝበረ ጽልዋ መንግስቲ ኣብ ቁጠባ ዳግመ ግምት ክግበረሉን ክስመረሉን ዝቐሰበ'ዩ።

ፍራንክሊን ደላኖ ሩዝቬልት (1882-1946)፡ መበል 32 ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኮይኑ ዘገልገለ መራሒ'ዩ። ኣብ ፖለቲካዊ ታሪኽ ኣመሪካ ድማ ምስቶም ክልተ ጸለውቲ ዝበሃሉ መራሕቲ፡ ማለት ኣብራሃም ሊንከንን ጆርጅ ዋሽንግተንን ይስራዕ። ንኣርባዕተ ተኸታታሊ እብረ ኣብ ስልጣን ብምጽንሑ ድማ እቲ ንነዊሕ እዋን ኣብ ስልጣን ዝጸንሐ ኣመሪካዊ መራሒ ተባሂሉ ይፍለጥ። ኣብ ታሪኽ ካብ ዝዘከረሉ ዓብይቲ ርኽብታት ድማ ነቲ ብኣመሪካ ጀሚሩ ናብ ኩሉ ከርናዓት ዓለም ዝለሓመ ቁጠባዊ ነውጺ፡ ኣብ 'ኬይንሳዊ' ስነ-ሓሳብ ተመርኲሱ ኣብ ምፍትሑ ብዝተጻወቶ ተራ'ዩ።

ነቲ ቁጠባዊ ጸገም ኣብ ምፍታሕ ዓቢ ተራ ዝተጻወተ ሊቕ ስነቑጠባ፡ ብሪጣንያዊ ጆን መይናርድ ከይንስ ይበሃል። ከይንስ ኣብ 1883 ካብ ኣቦኡ ጆን ነቪል ከይንስን ኣዲኡ ፍሎረንስ ኣዳ ከይንስን እዩ ተወሊዱ። ኣቦኡ ኣብ ካምብሪጅ ዩኒቨርስቲ ናይ ስነቑጠባ መምህር ዝበረ ኮይኑ፡ ናይ ቀረባ ዓርኪ ዓቢ ክኢላ ስነቑጠባ ኣልፍረድ ማርሻል ምንባሩ ይንገር።

ጆን መይናርድ ከይንስ ኣብ 1920 ዝሓተሞ 'ቁጠባዊ ጽልዋታት ሰላም' ዝርእሰታ መጽሓፉ ዝያዳ ክፍለጥን ስም ክረክብን ዘኽኣለቶ መጽሓፍ'ያ። ከይንስ፡ ኣብቲ ቀዳማይ ኩናት ዓለም ምእንቲ ከብቅዕ ኣብ ቨርሳይለስ ዝተኻየደ ብስምምዕ ቨርሳይለስ ዝፍለጥ ዘተ ከም ኣባል ቁጠባዊ ልኡኽ ብሪጣንያ ኮይኑ ተሳቲፉ'ዩ።

ብመሰረት እቲ ስምምዕ፡ ብጀርመን ዝምርሓ ጠንቂ ምብራዕ ቀዳማይ ኩናት ዓለም ዝኾና ሃገራት፡ ናይ ኩናት ካሕሳ ክኸፍላ ተቐሲቡ። እቲ ስምምዕ ብሪጣንያ፡ ኣመሪካን ፈረንሳ ዝርከብኦን ብስም ሓይልታት ኪዳን ዝፈለጣ ሃገራት፡ ቡቲ ኩናት ናይ ዝወረደን ሃሰያ መሕወዪ ኣስታት ሓሙሽተ ቢልዮን ዶላር (ብናይ ሽዑ ትምኒና) ዝጽሕ ካሕሳ ብንዋታውን ፋይናንሳውን መልክዕ ካብ ጀርመን፡ ኣስትርያ-ሃንጋሪ፡ ዑስማናዊ ንጉስነትን ኣብቲ ኩናት ዝተሳዕራ ካልኦት ሃገራትን ከምዝቕበላ ዝገበረ'ዩ።

ጆን መይናርድ ከይንስ ሓደ ካብቶም ነቲ ስምምዕ ዝተቓወሙ ኣካላት ኮይኑ፡ እተን ሃገራት (ጀርመንን ሰዓብታን) ቡቲ ኩናት ብዝወረደን ቁጠባዊ ዕንወት ክንድኡ ዝኣክል ካሕሳ ክኸፍላ ከምዘይክእላ የመልክት ነበረ። ኣብ ርእሲኡ'ውን "ህላወ ከበድ ናይ ኩናት ዕዳ ኣብ ዓለም ክህሉ ንዝደለ ፋይናንሳዊ ርግኣት ዕንቅፋት'ዩ" ዝብል ምጉት ይጠቅስ ነይሩ።

ከይንስ ድሒሩ መራሒ ብሪጣንያ ዝኾነ ዊንስተን ቸርችል ሚኒስተር ፋይናንስ ኣብ ዝበረሉ 1925፡ እቲ ብሪጣንያ ዘተኣታተወቶ ልዑል መጠን ዝበሮ ወሰኑን (ፊክሰድ) ናይ ሸርፊ ፖሊሲ፡ ምንቅልቃል ዋጋታት (ዲፍለሽን) ብምኽታል ንቑጠባ ናይ'ታ ሃገር ዝሰድእ ምዃኑ ገሊጹ ነበረ። ከምቲ ዝበሎ ድማ ዓባይ ብሪጣንያ ከበድ ቁጠባዊ ጸገም ኣጋጠማ።

ከይንስ ነቲ ዘይተገደበ ናጽነት ኣብ ምንቅስቓስ ሰብ፡ ማለ፡ ኣቕሓን ኣገልግሎታትን ክህሉ ዝድግፍ ቁጠባዊ ስነ-ሓሳብ 'ሊየሰዙፈየር' ካብ መጀመርያኡ ዝቃወም ነበረ። እቲ ኣብ 1929 ዝጀመረ ቁጠባዊ ዕንወት ድማ ንኣተሓሳስባኡ ዘረጋግጽ ኮይኑ ተረኸበ። ኣብቲ እዋን ምስ በበሲ ኣብ ዝፀደዶ ቃለ-መሕትት ድማ ንምውቕቓዕ (ስፐክዩሊዬሽን)፡ ዓቕሙ ዝሓለፈ ቆጣብነት፡ ልሕሉሕ ተራ መንግስቲ ኣብ ቁጠባን ከም ጠንቅታት ናይቲ ሽዑ ዘተኸሰተ ቁጠባዊ ጸገማት ኣቐመጦ። ንሱ ንምፍታሕ ዝሕግዝ ሓሳቡ ድማ ኣብታ ኣብ 1936 ዝሓተማ 'ሓፈሻዊ ክልሰ-ሓሳብ ሸቐለት፡ ወለድን ገንዘብን' ዝርእሰታ መጽሓፍ ኣሰፈሮ።

ኣብታ መጽሓፍ ተጠቒሱ ከምዘሎ፡ ቁጠባዊ ዝሕታለ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን፡ ቁጠባዊ ፍርያት ብኣጠቓላሊ መጠን ወጻኢታት (ቶታል ኤክስፐንዲቸር) ይጽሎ። ዝ. ኣብ ቁጠባ ዘሎ መዐቀኒ ሓፈሻዊ ወጻኢታት ከይንስ 'ድምር ጠለብ' (ኣግሪጌይት ዲማንድ) ክብል ይጠቕሶ። ብዘይካዚ፡ ኣብ እዋን ቁጠባዊ ዝሕታለ፡ ሰባት እምነቶም ኣብ ዕዳጋ ስለ ዝጎድል ወጻኢታቶም ከምዘጉክዩ፡ እዚ ድማ ንመጠን ጠለብን ቀረብን ብምምዛዕ ውድቀት ዕዳጋ ከምዘኸትል የመልክት። ከይንስ ከም ፊስካላዊ ፖሊሲ፡ ገንዘባዊ ፖሊሲ፡ ሸቐለትን ካልኦት ዓብይቲ ጸላእትን ማክሮ-ቁጠባውን ተጻለውቲ ከምዘኾኑ የብርህ።


ቁጠባዊ ዝሕታለ ንምፍታሕን ቁጠባዊ ለውጢ ንምምጻእን ተራ መንግስቲ ኣገዳሲ ምዃኑ ከይንስ ይገልጽ። መንግስቲ ንጡፍ ፊስካላዊ ፖሊሲታት ብምውሳድ፡ ወጻኢታት መንግስቲ ብምዕባይን መጠን ቀረጽ ብምጉዳልን እምነት ዓደግቲ ኣብ ቁጠባ ንምዕባይ ክሰርሕን ቁጠባዊ ዝሕታለ ክፍውስን ትጽቢት ከምዝግበረሉ ኣመልኪቱ። ንጡፍ ገንዘባዊ ፖሊሲ ብምትግባር'ውን ዜጋታት ዝሓሸ ተጠቃምነት ገንዘብ ንኽህልዎም መጠን ወለድ ክጉድል ከምዝለዎ የዘኻኽር።

ውድቀት ዕዳጋ ሓደ ካብ ዓብይቲ ጠንቅታት ቁጠባዊ ዝሕታለ ምዃኑ ዘመልክት ከይንስ ኣብ ዕዳጋ ዘሎ መጠን ጠለብን ቀረብን ምስ ዘይመጣጠን፡ ብዝሒ ኣፍረይትን ዋሕዲ ዓደግትን፡ ወይ ብዝሒ ዓደግትን ዋሕዲ ኣፍረይትን ከምዘኸትል የመልክት። ዝ. ንምስትኽኻል መንግስቲ ኣድላይ ናይ ምትእትታው ስትራተጂታት ተተግባሪ ክገብር'ውን ይምዕድ።

ጆን መይናርድ ከይንስ ከም ፍሪደሪክ ቮን ሃየክ ዝኣመሰሉ ክኢላታት ቁጠባን ከም ለንደን ቤት ትምህርቲ ቁጠባ ዝኣመሰሉ ትካላትን ቁጠባ ብዘይ ኣላይነት መንግስቲ ክዓቢ ይኽእል'ዩ ንዝብል ኣተሓሳስባታት ብምግላጽ ኣትሪሩ ይነቕፍ። ኣብ መጻኢ ዓለምለኻዊ ቁጠባዊ ቅልውላው ምእንቲ ከየጋጥም ካብ ዝኣመሞ ድማ ንዓለምለኻዊ ቁጠባ ዘማእዝን ናይ ቁጠባን ፋይናንስን ትካላት ክቖማ ዝብል ደርከቡ። ኣብ 1944 ድማ ኣብ ምስረታ ዓለምለኻዊ ባንክ ንዳግመ-ህንጻን ልምዓትን (ዓለማዊ ባንክ) ከምኡ'ውን ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ ንልኡኽ ብሪጣንያ መሪሑ ኣብ ብሬቶን ወደስ (ኣመሪካ) ተሳቲፉ።

ኣብ 1929 ዝጀመረ ቁጠባዊ ነውጺ፡ ከምቲ ዘውረዶ ዕንወት ከውርድ ትጽቢት ኣይተገብረሉን ነይሩ። እቲ ኣብ 4 መስከረም 1929 ኣብ ኣመሪካ ዝተጋሀደ ቅልውላው ብሃንደበታዊ ምንቅልቃል ዋጋታት ብርኪ ኣብ ዕዳጋ'ዩ ጀሚሩ። ከም መርኣያ ናይቲ ከበድ ቁጠባዊ ጸገም ድማ ኢንዱስትርያዊ ፍርያት ኣመሪካ ብ 30 ሚእታዊት ክጎድል እንከሎ፡ ሸቐለት ኣልቦነት ብ 25 ሚእታዊት፡ ዋጋ ብርኪታት ድማ ብ 88 ሚእታዊት ኣንቆልቀለ። ካብ 1929 ክሳዕ 1932 ኣብ ዝበረ ዓመታት ድማ ዓለማዊ ጃምላ ዘቤታዊ ፍርያት (ጂዲፒ) ብ 15 ሚእታዊት ጎደለ። ኣብ ርእሲ'ዚ ኣህጉራዊ ንግዲ ብ 50 ሚእታዊት ክጎድል እንከሎ፡ ኣብ ገለ ሃገራት ከኣ ሸቐለት-ኣልቦነት ብ 33 ሚእታዊት ወሰኸ።


ኣብቲ ዓቢ ቁጠባዊ ነውጺ ዝበረሉ እዋን፡ መፍትሒ ዝኾውን ሓሳባት ዘናዲ ዝበረ ፕረዚደንት ፍራንክሊን ሩዝቬልት ድማ፡ ነቲ ክልሰ-ሓሳባት ብምጥቃም ሃገሩ ካብ ቁጠባዊ ቅልውላው ከውጽእ ከኣለ።



ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ኣመሪካን ብርክት ዝበላ ሃገራት ኤውሮጳን ቁጠባአን ንምዕባይ ብመንግስቲ ዝምእዘዝን ንብሕታዊ ጽላት ከኣ ዘተባብዕን ቁጠባዊ ፖሊሲታት ብምኽታል ዓቢ ጉስጓስ ከመዝግባ ክኢለን እየን። መንግስታት ምዕራብ፡ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ከይንሳዊ ቁጠባዊ ክልሰ-ሓሳብ ብምኽታል፡ መንግስታት ንኣገደስቲ ክፋላት ማክሮ-ቁጠባ ብምምእዛዝ፡ ሸቐለት ብምፍጣር፡ ስትራተጂያውያን ትሕተ-ቅርጺታት ብምህናጽ፡ ኣብ ዳግመ-ትንሳኤ ቁጠባ ሃገራተን ዓቢ ተራ ተጻዊተን እየን።

ኣብ ካልኣይ መፋርቕ 20 ዘመን ካብ ዝተራእዩ ክኢላታት ስነቑጠባ ናይ 1970 ተዓዋቲ ሽልማት ኖቤል ፖል ሳሙኤልሰን ከምኡ'ውን ናይ 2008 ተዓወቲ ሽልማት ኖቤል ፖል ክሩግማን ብኣብነት ይጥቀሱ። እዚኦም ክልተ ሊቃውንቲ ድማ ናይ ጆን መይናርድ ከይንስ ዓቢ ጽልዋ ዘለዎም እዮም። ፖል ክሩግማን ኣብ 2006 ንኣበርክቶ ከይንስ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ "ንርእሰማልነት ካብ ገምገም ጸድፊ ኣብ ምድሓን ብዝተጻወቶ ተራን ኣብ ማሕበራዊ ስፍሕነት ብዝገበሮ ኣበርክቶን ወትሩ ክዝከር'ዩ" ይብል። ፖል ሳሙኤልሰን ብወገኑ ንመጽሓፍ ከይንስ ክገንእድ እንከሎ "ቅልል ብዘይበለ መገዲ ኣማሪጺ ሓሳባት ዝሰፈረላ ኣገዳሲት ቁጠባዊት መጽሓፍ" ይብላ።

ብሪጣንያዊ ክኢላ ስነቑጠባ ጆን መይናርድ ከይንስ፡ ኣብ ዘመናዊ ቁጠባ ዝገደፎ ጽልዋ ዓቢ'ዩ። ካብ 1980 ጀሚሩ ክሳዕ 2008 ተግባራዊ ዝተገብረ ክልሰ-ሓሳብ ሓድሽ ለብራላውነት ግጉይ ምዃኑ ክቐርጽ ድማ ፈቲኑ። እዚ ክልሰ-ሓሳብ፡ መንግስቲ ኣብ ቁጠባ ዝኾነ ተራ ክህልዎ የብሉን ብዝብል መረዳእታ ንምትእትታው መንግስቲ ኣብ ቁጠባ ዝኹንን እዩ። እቲ ኣብ 2008 ዘጋጠመ ዓለማዊ ቁጠባዊ ቅልውላው ድማ "ዕዳጋ ባዕሉ ንባዕሉ የረጋግእ'ዩ" ንዝብል ኣተሓሳስባ ክቕይር ዝኸኣለ ክስተት'ዩ። ነቲ ሞይቱ ዝተባህለ ከይንሳዊ ቁጠባ ኣብ ምብርባር'ውን ዓቢ ተራ ተጻዊቱ። ጆን መይናርድ ከይንስ ኣብ 1946 እዩ ዓሪፉ። ቁጠባዊ ክልሰ-ሓሳባቱ ግና ድሕሪ ሞቱ'ውን እንተኾነ ንዝሓለፉ 80 ዓመታት ጽልዋኦም ከይሃሰሰ ይቕጽሉ ኣለዉ።




መወከሲ፡ The Big Three In Economics
ብ Mark Skousen

# ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት


## መንነታዊ ኵርዓት ኣብ መንእሰያት፡ መሰረት ኵለንትናዊ ዓወት

ስምኦን ወልደሚካኤል

መንነት፡ ሓደ ሰብ “ኣነ መን እየ፧” ንዝብል ሕቶ ዝህቦ መልሲ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ምስ ታሪኹ፡ ቋንቋኡ፡ ባህሉን ክብርታቱን ዘሎዎ ጥቡቕ ምትእስሳር እዩ። መንነታዊ ኵርዓት ክብሃል እንከሎ ከኣ ብመንነትካ ምዕጋብ፡ ንመበቈልካ ምኽባርን ንርእስኻ ዘይምትሓትን ዝምንጩ ውሽጣዊ ሓይሊ እዩ። እዚ ስምዒት ውጽኢት ታሪኻዊ ንቕሓት እምበር ብሃንደበት ዝፍጠር ኣይኮነን። ታሪኻዊ ንቕሓት ብቐልል ዝበለ ክግለጽ እንከሎ፡ ብዛዕባ ሕሉፍ ታሪኽን ወለዶታት ዝኸፈሉዎ መስዋእትን ምፍላጥ ማለት እዩ። ኣብ ቋንቋኻን ባህልኻን ኣኽብሮት ምርኣይ ኣካል መንነታዊ ኵርዓት እዩ። ቋንቋኡ ከም መግለጺ መንነትቱ ገይሩ ዝወስድን ባህላዊ ክብርታቱ ዝዕቅብን መንእሰይ ወለዶ ዘሎዎ ሕብረተሰብ፡ መጻኢኡ ብሩህ ምኻኑ ኣብ ክርክር ዝኣቱ ኣይኮነን። መንነቱ ዘኽብር መንእሰይ፡ ንሃገሩን ንሕብረተሰቡን ዝጠቅም ስራሕ ንምስራሕ ድልው'ዩ ዝኸውን።

መንነታዊ ኵርዓት ማለት ኣብ ልዕሊ ካልኦት ንዕቀትን ጽልእን ምምዕባል ማለት ኣይኮነን። ብኣንጻሩ፡ ርእስኻ ምኽባር ንካልኦት ካብ ምኽባር ዝዓግት ኣይኮነን። መንእሰያት ታሪኾም ብምፍላጥ፡ ቋንቋኦም ብምፍቃርን ባህሎም ብምዕቃብን፡ ብመንነቶም ምስ ዝኮርዑን ንሃገሮምን ንዓለም ዘደንቁ ጠቓምቲ ዜጋታት ይኾኑ። ኵርዓት ክብሃል እንከሎ ንኻልኦት ንምንዓቕ ዘይኮነስ፡ ንርእስኻ ክብ ኣቢልካ ንምርኣይ እዩ። ዓለም ንመንነቱ ኣሕሊፉ ዝህብ ዘይኮነስ፡ ንመንነቱ ኣኽቢሩ ዝሕዝ ሰብ እያ እተኽብር። ባህልኻ ሒዝካ ምቕራብ ናይ ስልጣነ መግለጺ እምበር ናይ ድሕረት ምልክት ኣይኮነን።

መንነታዊ ኵርዓት መተካእታ ዘይብሉ ናይ ውሽጢ ሓይሊ እዩ። ንሓደ መንእሰይ ኣብ ማእከል ዝኾነ ማዕበልን ዓውሎማን ከይተናወጸ ደው ንኽብል ዘኽእሎ ምልሕቕ እዩ። ኣብ ዘመነ ዓውለማ መንነታዊ ኵርዓት እቲ ዝጸንዐ መንፈሳዊ ዕርዲ'ዩ። መሰረት ርእሰ ተኣማንነት ብምኻን ሓደ መንእሰይ፡ ኣብ ዝኸደ ከይዱ፡ “ኣነ መን እየ፧” ዝብል ፍርሒ ኣይስምዖን። እዚ ድማ ኣብ ትምህርቱ፡ ኣብ ስርሑን ኣብ ማሕበራዊ ዝምድናታቱን ብርኡይ ይንጸባረቕ። ባህልኻን ልምድኻን ምኽባር ምልክት ድሕረት ዘይኮነስ ምልክት ስልጣነ'ዩ። ብባህሉ ዘይኩርዕ ወለዶ፡ ብዝመጽአ ናይ ወጻኢ ጽልዋ ቀልጢፉ ይውሓጥ። ታሪኹን መንነቱን ዝጸልእ ወለዶ ንመጻኢ ዘመሓላልፎ ሃብቲ የብሉን። እዚ ድማ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ህላወ ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ናይ ጥፍኣት ምልክት እዩ።




ባህሊ ናይ ቀደም፡ እዋኑ ዝሓለፎ ነገር ኣይኮነን። ባህሊ ህያው ጥበብ እዩ። ናይ ‘ክብርታት መኽዘን'ዩ’ ተባሂሉ እውን ይግለጽ'ዩ። ኣብ ባህልና ዘለዉ ከም ቅንዕና፡ ምትሕግጋዝ፡ ዓበይቲ ምኽባር፡ ሓቅነት፡ ዘይናትካ ዘይምድላይ፡ እምነትን ጽንዓትን ዝኣመሰሉ ክብርታት ኣብ ህንጸት መንእሰያት ልዑል ተራ ኣሎዎም። ቋንቋናን ባህልናን ንኣሽሓት ዓመታት ዝተዋህለለ ጥበብ ዝሓዘ መኽዘን ፍልጠትን ልቦናን እዩ። ነዚ ሃብቲ'ዚ ተረኪብካ ምሓዝ ድማ ንባዕሉ ናይ ዓወት ፍርቂ መገዲ እዩ።

ብመንነቱ ዝሓፍር ወለዶ፡ ልክዕ ከምታ ሱራ ዝሓረረት ገረብ'ዩ፣ ናይ ምጥጣዕን ምፍራይን ዕድል ዘይኮነስ ትወድቀሉ ግዜ ትጽበ። ሓደ መንእሰይ ብስሙ፡ ብመልክዑ፡ ብቛንቋኡን ብናብራኡን ክሓፍር ምስ ዝጅምር፡ እቲ ናይ ጥፍኣት ጉዕዞ ብወግዒ ተጀሚሩ ኣሎ ማለት እዩ። ስም መጸውዒ ጥራይ ኣይኮነን። ታሪኻዊ ድሕረ ባይታን ትርጉምን ዘሎዎ መግለጺ መንነት እዩ። ስሙ ክቕይር ወይ ክሓብእ ዝጽዕር ከምኡ'ውን ነቲ ባህርያዊ መልክዑ (ሕብሪ ቈርበቱ ይኹን ጸጉሩ) ክቕይር ዝጋደል መንእሰይ፡ ኣብ ውሽጣዊ ባርነት ይርከብ። ነቲ ኣምላኽ ዝሃቦን ወለዱ ዘውረሱዎን ተፈጥሮኣዊ መልክዕ ዝነጽግ ሰብ፡ ንባዕሉ ከም ትሑት፡ ዘይሰሓቢ፡ ዘይረብሕ ገይሩ ይቖርጽ ኣሎ። እዚ ድማ ካብ ርእሰ ምንዓቕ ዝምንጩ ናይ መንነት ቅልውላው እዩ።

ቋንቋ'ውን ንምርድዳእ እንጥቀመሉ መሳርሒ ጥራይ ኣይኮነን። መኽዘን ጥበብ፡ ፍልስፍናን ስምዒትን እዩ። ቋንቋኡ ከም ድሕረት ቈጺሩ፡ ብናይ ካልኦት ቋንቋ ጥራይ ክዛረብ ወይ እናሓናፈጸ ክዛረብ ዝመርጽ ወለዶ፡ ንኣእምሮኡ ካብ ውህሉል ልቦና ይሕርሞ ኣሎ ማለት እዩ። ቋንቋ ምስ ጠፍአ፡ እቲ ባህሊ ይዓኑ፡ እቲ ታሪኽ ከኣ ይርሳዕ። ቋንቋኡ ዝሓደገ ወለዶ ምስ ወለዱን ምስ ሱሩን ዝራኸበሉ ድልድል ስለ ዝሰብር፡ መንነቱ ዘይብሉ ባዶ ወለዶ ኮይኑ ይተርፍ። ሓደ መንእሰይ ብስሙ፡ ብመልክዑ ወይ ብቛንቋኡ ክሓፍር እንከሎ፡ ብፍላጥ ይኹን ብዘይ ፍላጥ፡ “ናይ ካልኦት መንነት ካብ ናተይ ይበልጽ” ዝብል ናይ ትሕትና ስምዒት እዩ ዝሓድሮ።

ንምጥቕላል፥ መንእሰያት ናይቶም ብደሞምን ረሃጾምን ሃገር ዘውረሱና ጀጋኑ ወረስቲ ምኻንና ክንዝክርን ብሓላፍነት ክንነብርን ይግባእ። ቋንቋ መግለጺ ልብናን ንቕሓትን፡ ባህልና ድማ መልክዕና ክብረትናን እዩ። ኵርዓትና መሰረት ህላወና'ዩ እሞ፡ መንነትና ከም ክቡር ዕንቊ ንዓቅቦ። ብመንነትካ ምሕፋር፡ ቀስ ኢሉ ዝቐትል ናይ ሕልና መርዚ እዩ። ሓደ መንእሰይ ብዘሎዎ ክኹርዕ እንከሎ እዩ ንቕድሚት ክሰጉም ዝኽእል። ስለዚ፡ ብመልክዕካ ኵራዕ፡ ብቛንቋኻ ተዛረብ፡ ብናብራኻ ድማ ተሓበን። መንእሰይ መቐጸልታ ናይ ሓደ ዓቢ ታሪኽ እምበር፡ ቀዳሒ ናይ ካልኦት ሰባት ክኸውን ኣይግባእን። መንነታዊ ሕፍረት ምልክት ስዕረት እዩ፣ መንነታዊ ኵርዓት ግን መሰረት ናይ ኵሉ ዓወታትን ስልጣነን እዩ።

ሓሳባት

## ስራሕን መንእሰይን

ቤቲኤል ሰሎሞን

ቀንዲ ሕመረት ምንጪ ዕቤትን ብልጽግናን ሓንቲ ሃገር ዝሰርሕ ዓቕሚ ሰብ እዩ። እቲ ዝሰርሕ ዓቕሚ ሰብ ድማ ብጉልበት ዝተረረ፡ ብኣእምሮ ዝበሰለ፡ ብዓቢኡ ተዓጻጻፊ ኣተሓሳስባ ዘውንን መንእሰይ እዩ። ብሓፈሻ ግን ሰራሕተኛ ክበሃል ከሎ ኣብ ሓደ ዕዮ ወይ ዕማም ብዘሎዎ ብቕዓትን ጉልበትን ወይ ኣእምሮኣዊ ብስለትን ፍልጠትን ተጠቒሙ ዝዓዪ ወይ ዝሰርሕ ሰብ ማለት እዩ። ስለዝኾነ፡ ሰራሕተኛ ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ንዝሎ መነባብሮ ንምልዋጥ ልዑል ተራ ኣሎዎ።

ስራሕ መለለዪ ብቕዓትን ፈጠራውነትን ደቂ ሰባት እዩ። ሰባት ብዘይ ስራሕ እንተ ንህሉ፡ እንታይ ዓይነት መልክዕ ምሃለወና ምግማቱ ዝከኣል ኣይኮነን። ሰራሕተኛ ዝብል ክብሪ ክትለብስ ምኽኣልካ ጥራይ፡ ክትገልጾ ዘይትኽእል ቅሳነት ይፈጥር እዩ። ብዛዕባ ኣገዳስነት ስራሕ ዝምልከት ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፍወርቂ ዝበሎ ሓሳብ እንተ ተመልኪትና፥

“ጭዋዳታትካ ብቐጻሊ እንተ ኣስሪሕካዮ፡ ምግዛፉን ዘይምግዛፉን ብዘየገድስ፡ ናይ ምጽዋር ዓቕሙ እናወሰኸ'ዩ ዝኸይድ። እንተ ዘየሰራሕካዮ ከኣ እናደኸመ ይኸይድ። እቲ ቀጻሊ ስራሕ ናይ ኣካላትካ፡ ተውለ ምኻን የምጽእ። ኣእምሮኻ፡ ኣካላትካን ኣእዳውካን ንዝተፈላለየ ስራሕ ትጥቀመሉ እንተ ኼንካ፡ ይለምዶ እዩ። ዋላ ኣብ ሓንጎልካ ጽቡቕ ስእሊ ይሃሉኻ እቲ ኢድካ ክለምዶ ክኽእል ኣሎዎ። ብተደጋጋሚ እንተ ሰሪሕካሉ ከኣ እቲ ተውለ ምኻን እናሓየለ'ዩ ዝኸይድ። ቀጻሊ ንጥፈት እንተ'ሎ ኣካላት ኣይደክምን እዩ፣ ኣይኣርግን'ውን እዩ። ናይ ምጽዋር ሓይሊ ምስ ስራሕ ኢኻ ተማዕብሎ። ኮፍ እንተ ኢልካ ተጻዋርነት ኣይተሓይልን ኢኻ፡” ዝብል እዩ።

እዚ ሓሳብ ብምልኣት እንተ ተገዚብካዮ፡ ስራሕ ብዘይካ'ቲ ብመገዱ ኣቢልና እንረኽቦ መሃያ፡ ካልእ ዕዙዝ ረብሓታት ዘጣመረ ምኻኑ እዩ። ኣብ ስራሕ ዝተጸምደ ኣእምሮ ንኻልእ ሃለውለው ዝኸውን ግዜ የብሉን። ኣእምሮ ወትሩ ሓድሽ ሓሳባት ኣብ ምፍልፋል ይጽመድ'ሞ ኪኖ ነብሱ ንኸባቢኡ፡ ሃገሩን ዓለምን ዘርብሕ ዕዮታት ክፍሪ ይኽእል'ዩ። እዚ ዕማም ድማ ዝያዳ ኣብቶም ብሕብረተሰብ፡ ኣፍረይቲ ተባሂሎም ዝርቀሑ መንእሰያት እዩ ዝድለ።

ሓሳባት መንእሰይ ከም ዓይኒ ማይ ፈልፋሊ እዩ። ጕይዩ ዘይደክም፡ ሰሪሑ ዘይርብርብ፡ ሓድሽ ሓሳባት ኣብ ምምዕባል ዘይህከ፡ ... ኣካላት ዘወንነ ብምኻኑ፡ ሃገር ቈላሕታኣ ናብኣ ክዘዙ ግድነት ይኸውን። ሞሳ ናይ ዕማማቱ ድማ ብገንዘብ ይኹን ንዋት ዝልካዕ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ኣብ ዕቤትን ብልጽግናን ሃገሩ ብዘቐመጦ ዓሻራ እዩ ዝትመን። መንእሰይን ብቑዕ ሰራሕተኛን ምኻን ልዕሊ'ቲ ትረኽቦ መሃያ ዘወሃበካ ክብሪ ስለ ዝዓቢ።

“ዝበዝሐ ግዜ ዝሰራሕካዮ ሞሳ ትረኽበሉ ኢኻ። እቲ ሞሳ ናይ ግድን ካብ ካልእ ሰብ ትጽበዮ ህያብ ማለት ዘይኮነስ፡ ‘ጽቡቕ ስራሕ ሰሪሐ’ ክትብል ከለኻ፡ ካብ ዝኾነ ካልእ ሞሳታት ዝዓበየ ነገር እዩ። እዚኣም ተደማሚሮም ሓይሊ ይህቡኻ እዮም፡” ክም ዝበሎ ክቡር ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ፣ ሞሳኻ ካብ ሕብረተሰብ ብእትረኽቦ ናይ ክብሪ መሃያ ኢኻ ትልክዮ። ኣብዚ መዳይ መንእሰይ ቀንዲ ኣተኵሮ ክገብርሉ ዝግባኦም፡ ኣብ ከባቢኻ ወይ ሕብረተሰብካ ብስራሕካን ኣበርክቶኻን ዝፈጠርካዮ መስተርሀፃት ዝህበካ ናይ ሕልና ቅሳነት እዩ።

ኵለን ሃገራት ብተኣምር ኣይኮናን ደረጃታት ምዕባለኣን ዝሓኾራኦ ዘለዋ። እንታይ ደኣ እቲ ኣብ ኵሉ መዳይ ናይታ ሃገር ብዘይ ተጕላባነት ዝዓዪ ዘሎ ምሁር ሰብኣዊ ጸጋኣን ዝፈጠሮ እዩ። ንሕና'ውን ከም ሃገር እቲ ትማል ንምምጻእ ናጽነት ብመንእሰያት ዝተኸፍለ ዋጋ ብልምዓት ንኽድብሶ ኣገዳስነት ምህናጽ ብቑዓትን ኣፍረይትን መንእሰያት ልዑል ክኸውን ግድነት እዩ ነይሩ። ስለዝኾነ ፍልጠትን ሞያን ዝዓጠቐ ሰብኣዊ ጸጋ በብግዜኡ ክፈሪ ጸኒሑን ዘሎን። እዚ ህዝብን መንግስትን ዋጋ ከፊሉ፡ ካሕሳ ሃገር ክኸውን ዘፍረዮ ዓያዩ ጕልበት ዘወንነ መንእሰይ ከኣ እንሆ ኣብ ኵሉ ጽላት ህዝቡን ሃገሩን ኣብ ምግልጋል ይርከብ ኣሎ። ኪኖ'ዚ ዘለዎን ዝህሉዎን ክበጽሐ እውን ድላይ ህዝብን ሃገርን እዩ። እቲ ምንታይ ዋሕስ ሃገር መንእሰይ ስለዝኾነ።

ስራሕ መግለጺ ማሕበራዊ ደረጃን ክብር'ዩ እንተ ኢልና፡ ሓደ መንእሰይ ማሕበራዊ ሱታፌኡን ደረጃ ክብሩን ዝልክዓሉ ኣምር እዩ። ስራሕ መሰረት ለውጢ'ዩ። ስለዝኾነ እዩ መንእሰይ ክሰርሕ፡ ብስራሕ ኣቢሉ ናይ ለውጢ ሃዋርያ ክኸውንን ዝሕረ። ብዓቢኡ ስራሕ ናይ መንፈስ ርግኣት ፈጢሩ ዕለታዊ ህይወትካ ብውጥን ክምራሕ ዝገብር'ዩ። እዚ ማለት ከኣ ርጉእ ኣእምሮ ዘወንነ፡ ብግዜ ዝቐየድ መንእሰይ ናይ ሃገር ዘይበርስ ጸጋ እዩ። ስለዚ ስራሕን መንእሰያትን ከም ገጻት ሳንቲም ክነጻጸሉ ኣይክእሉን እዮም። መንእሰያት ነዚ ኣምር ናይ ስራሕ ብግቡእ እንተ ተረዲኦም ንጥፈታቶም ብዓወት ካብ ምስልሳል ኣይክበኸሩን እዮም።

ዓለምና ምስዚ እትጕዮ ዘላ ምዕባለ ዝጕዩ ዓያዩ ጕልበት እያ እትደሊ። ስለዝኾነ ድማ ወግሐ ጸብሐ ሓደስቲ ምዕባለታት ቀሪባትልና ትጸንሕ ዘላ። መንእሰያት ናይዛ ሃገር'ውን ምስ ኵሉ ብድሆታት ንብልጽግናን ዕቤትን ሃገር ካብ ምስራሕ ኣየዕረፈን። እንተኾነ፡ ኣብዚ እዋን ሓደ ስክፍታ ዝፈጥር ኵነታት ይቀላቐል ኣሎ። ንሱ ከኣ ምዕባለ ሰብ ሰርሖ ብልሕን ጽልዋታቱን እዩ።

እዚ ብድሆ'ዚ ኣብ ስራሕ ተዋፊሮም ዘለዉ ይኹን ብሕጂ ንዝዋፈሩ መንእሰያት ዝያዳ ሓላፍነት ዘሰክም እዩ። እዚ ንምግባር ከኣ ምስ ግዜ ምጕያይን ንስራሕካ ዘሎካ ተወፋይነት ምዕባይን፡ ሕልፊ ካልእ እዋን ኣንባብን ተመራማርን ምኻን፡ ልዕሊ ኵሉ ናይ ምግባር መንፈስ ምብራኽ ወሳኒ እዩ። እቲ ትማል ብድሆታት ገጢሙ ሃገር ዘውሓሰ መንእሰይ እንተ ኮይኑ፡ ዘመናዊ ብድሆ ንምፍታሕ እውን ነቲ ዝሰርሕ መንእሰይ ከቢድ ኣይከውንን እዩ። እቲ ምንታይ ሓይሊ መንእሰይ ብድሆታት ኣብ ምግጣም ስለ ዝደምቕ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል

ኣነ ሓናን ሻሾ ዓብደሉ ኣቦይ ሻሾ ዓብደላ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ወረሰቲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበሉት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ዘርኢሰናይ ጉብረመስቀል ሃብተጸዮን፣ ኣደይ ምሕረት ጺጋይ ጸጉ ስለዝዓረፈት፡ ንኣቦይ ጉብረመስቀል ሃብተጸዮን ሃይሉ ናይ መጸምዲ መሳሉ ይተሓለወሉ፡ ከምኡ' ውን ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረቡ፡፡

ተከኤ ወልደሃይማኖት ንጉሰ፡ ብዓልቲ ቤተይ ኣስበደት ከተማ ደብሳይ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረቡ፡፡

ኣቶ ወልዱ ግዜኢ ደስታ፡ ኣደይ ግደይ ፍስሃዬ ምሕረትኣብ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረቡ፡፡

ኣልማዝ ጺጋይ ክፍሉ፡ ኣደይ ሃይማኖት ነጋሲ ካሕሱ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረቡ፡፡

ሞኣና ተኽለወይኒ ሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ሞርያ ሰድ ሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረቡ፡፡

ኣማን ጉብረትንሳኤ ኣፈወርቂ ምባል ተረፉ፡ኣማኑኤል ጉብረትንሳኤ ኣፈወርቂ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረቡ፡፡

ከሳሲት ልዋም ኪዳን ጉብረታትዮስ፡ ተኸሳሲ ኣቤል ተኽሉብርሃን እስቲፋኖስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ማክዳ ኣስመላሽ ተኽለኣብ፡ ኣቦይ ኣስመላሽ ተኽለኣብ ቀሪን ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረቡ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ግደይ ምሳዮና ተወልደመድህን፡ ተኸሰስቲ 1.ሰናይት ተስፉገርግሽ 2.ሳሙኤል ተስፉገርግሽ 3.ዳኒኤል ተስፉገርግሽ፣ ኣብ ልዕሊኹም ንገዝኡብ ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱ ስለ ዘሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ሰላም ጉብረሂወት፡ ብዓል ቤተይ ተወልደ ሰመረ ወልደትንሳኤ ስለዝዘተሰወኦ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረቡ፡፡

ሳብር ኢብራሂም ሰዒድዓሊ፡ ኣቦይ ኢብራሂም ሰዒድዓሊ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ወረሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበሉ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረቡ፡፡

ተጸዋዒ ኣቶ ሰለሙን ኣማኑኤል ዘርኣጋብር፡ ብኣመልካቲት ልዋም ወልደማርያም ሞባእ ንጉዳይ ሞግዚት ዝምልከት ምልክታ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ሓንሳ ተኽለይ ዑቕባእንድርያስ፡ ሰመረ ኣብርሃ ጉብረኣብ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረቡ፡፡

ኣብ መንነ ይግባይ በዚሊ የውሃንስ ኣስበዶምን መልሲ ወዘቢ ትኳል ኒው ሆሪዞናን መ/ወዘቢ ትኳል ናይ መሳል ክሲ ኣቕሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ኣቶ የዕብዮ ስዒለ ጾጉ፡ ኣደይ ንጽህቲ ጉብረኣብ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወረሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረቡ፡፡

መኣዝ ጺጋይ ተስፉጸዮን፡ ብዓል ቤተይ ጆቫኒ ኣርጋዛካ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረቡ፡፡

ዘሙይ ግርማይ ተወልዱ፡ ኣሊይ ልድያ ዘሙይ ግርማይ ስለዝዘተሰወኦት፡ ኣነ ምስ ብዓልቲ ቤተይ ወላዲታ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረቡ፡፡

ኣምባሳጅር የማነ ሓድጉ፡ ብዓልቲ ቤተይ መርሃዊት የማነ ወልደሃይማኖት ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረቡ፡፡

ናዳብ ዳናይ ፍስሃዬ ምባል ተረፉ፡ ኣሚናዳብ ዳናይ ፍስሃዬ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረቡ፡፡

ሚካኤል ጉብረስላሴ ክፍሉ፡ ኣደይ ጸገወይኒ ጉብረትንሳኤ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረቡ፡፡

ብፍ/ብ/ዕዳ ወረ/ፍ/ሪት ወ/ሮ ግደይ ወልደኪዳን ወ/ሮ ኣለን ምሕረትኣብ፡ ብፍ/ብ/መሳል ወ/ሮ ርግበ ጉብረሚካኤል ገረሙሱ፡ ወረ/ፍ/ር ደብሳይ ተስፋጸዮን ልብሱ፡ ኣቶ ኣብርሃም ደብሳይ፡ ኣቶ ዳዊት ደብሳይ ወ/ሮ ምሕረት ደብሳይ፣ ናይ ፈጻሚ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ወ/ሮ ለተንስኤ ሃብተሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ኣብርሃም ደባስ ባህታ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 7ህሉዋት ደቅና 2 መውትቲ ተተኪኦቲ 2 ደቆም ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረቡ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ሃና ሃብተገርግሽ ክፍለሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ቀሺ መርሃጸዮን ኣሮን ዓንደማርያም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን5/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ዓፍያ እድሪስ ኢብራሂም፡ ተኸሳሲ ኣቶ እዮብ ሓጎስ ወልደሚካኤል፡ ናይ ሰዖ ምስሮጋር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ወ/ሮ ለተኺዳን ካሕሳይ፡ ብዓል ቤተይ ቀሺ ጉብረሂወት ኣብርሃ መሻሾ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

ፍጹምብርሃን ተኽለይ ካሕሳይ ምባል ተረፉ፡ ፍጹም ተኽለይ ካሕሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

ወ/ሮ ክብራ ተስፉሚካኤል ጉብረኪዳን፡ ብዓል ቤተይ ሙብራህቶም ብርሃ ማሕዮ ስለዝዘተሰወኦ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

ወ/ሮ ኣኽበረት ጉብረየሱስ ወሸሑ፡ ብዓል ቤተይ በየን ጉብረሂወት ተስፋስላሴ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

ወ/ሮ ኣኽበረት ሃይለ ወልደስላሴ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣብርሃም ሓደገ ጫሮም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ተስፉሚካኤል ሞገስ ምሳዮና፡ ኣቦና ሞገስ ምሳዮና ጉብረን ኣዴና ኣረጋሽ ሞኳሽመ ሃብተሚካኤል ስለ ዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡

ተከሳሲት ወ/ሮ ንያት መዘበ ጉብረሂወት፡ ከሳሲት ንግስቲ ብርሃ ኣርኣያ፡ ናይ ምቅሊት ውርሲ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡

ወ/ሮ ለተብርሃን ገረየሰስ ኪዳኑ፡ ብዓል ቤተይ ተኸስተ ማና ሃብተጸዮን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሳለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡፡




# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኣስገደት ኣርኣያ፡ ኣቦይ ኣርኣያ ብኢደይ ወልደጼን ስለዝዋረሬ፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ 13 ደቂ መውቲ ሓወይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ኣለም ገብርሂወት ዘሚካኤል፡ ተኸሳሲ ዑመር መሓመድ እድሪስ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲ ወልደስላሴ ኣብርሃ ወኪል ዘርኣሰናይ ወልደስላሴ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ኢክራም ስለሙን ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣቶ በየነ ፎቶ ሰገድ፡ ኣቦይ ፎቶ ሰገድ ዐቑባይን ኣደይ ናዝሬት እምባየ መሓሪን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብፍ/ብ/መሰል ኣቶ ተስፋልደት እማሃጼን ገብረማርያምን ወ/ሮ ቅድስቲ ሃብተን ናይ ስም ምትሕልላፍ ዝምልከት ናይ ፈጻሚ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሰሲት መርሃዊት የውሃንስ ተወልደመድህን፡ ተኸሰስቲ 1.ቴድሮስ ታደሰ 2.ሄለን ጣስው ደምሴ 3.ኣልማዝ ሃይለ 4.ፍረወይኒ ታደሰ፣ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪትልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ለተብርሃን ተወልዴ፡ ኣሞይ ዐቑባማርያም ክንፉት ገብረማስቀል ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 11 ደቂ መውትቲ ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ከሳሲ ሰሚር ዓብ እድሪስ፡ ተጸዋዒ ኣቶ እብራሂም መሓመድ ኣደም፡ ኣብ ልዕሌኻ ክሲ ተመስሪቱ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሃይማኖት ተስፋማርያም እንድርያስ፡ ብዓል ቤተይ እዮብ ቀሺ ገብረማርያም ነጋሲ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓሰወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቅሳት ሃይለማርያም ምባል ተሪፉ፡ ቅሳት ሃይለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዜይድ ማሕሙድ ምባል ተሪፉ፡ ፋይዛ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኑቢያት ተወልደመድህን ሓደራ፡ ከበደም የውሃንስ ተስፋሚካኤል ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓሰወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ ክፍሎም ብርሃ ካፍል፡ ብዓልተ ቤተይ ፍረወይኒ ብጹዓ ወልደማርያም ስለዝዋረረት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓሰወለይ፡ 2 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባኢያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ጸገ ክፍሉ ፍረዝጊ፡ ኣቦይ ክፍሉ ፍረኣዝጊ ተሰፉ ብለበዋ ዝገደፈለይ ይጽደቐለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ ደረጃ ደቀምሓረ ይቕረብ።

ብፍ/በ/መሰል ንጹህቲ ስዒዶ፡ ብፍ/በ/ ዕዳ መሓሪ ቀሺ ሚካኤል፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ ደረጃ ደቀምሓረ ቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

የሴፍ ኣሚን ተኽለሃይማኖት፡ ኣዴና ኑቢያት ደብሳይ መሓሪ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባኢያ ይቕረብ



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ደጀን ትካቦ ወልደሰላሴ ምባል ተረፉ፥ ኒምሮድ ትካቦ ወልደሰላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣኽበረት መሓሪእዝጊ ተስፋእዝጊ፥ ተጸዋዒ ተስፋሂወት ኣስገዶም፡ ናይ ሞዝዚት ቆጸራ ስለዘሎ፥ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጥ፡፡

ዳዊት ገዚኢ ኣሕፈርም፡ ስም ኣደይ ርዚና ደብሳይ ሃብተማርያም ምባል ተረፉ፥ ናጽነት ኪዳነ ረዳኢ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዳናይት መንግስ በየኑ ንስወእ ኣቦና ተጋ/ መንግስ በየነ ባህታ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ተተኪእና ወረስቲ ናይ ዓብይና ኣፍ/ሂራት ገርግሽ ተስፋማርያም ጎይትኦም ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ለተሚካኤል ወልደየውሃንስ ገብረየሱስ፥ ኣቦና ወልደየውሃንስ ገብረየሱስ ገብረክርስቶስ ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሸዊት ገብረኣብ ካሕሳይ፥ ብዓል ቤተይ ጸገዘኣብ ተስፋማርያም ዘርኡ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፥ 8 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ስምኦን ወልደሚካኤል ሃይሉ፥ ወደይ የውሃንስ ስምኦን ወልደሚካኤል ስለዝዓረፈ፥ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ሃብቲ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ንግስቲ ኣርኣያ ወልደሚካኤል፥ ኣፍ/ሄር ብዓል ቤተይ ገብረእንድርያስ ተኸስተ ጉንጨ ብዕለት 27/05/2019 ብቑጽሪ መዝገብ 11/2019 ዝተዋህበኒ ወህብቶ ይድቀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ሂወት ብርሃነ፥ ብዓል ቤተይ በርሀ ወልደሰላሴ ወልደሚካኤል ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ታብቱ ገብረገርግስ ወልደገርግስ፥ ብሕጋዊ ወኪለን ኣቶ ሓይልኣብ ገብረክርስቶስ ወልደሚካኤል ኣብለን ጓለይ ውዳሰ ገብረክርስቶስ ወልደሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ናይ ጓለይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ናትናኤል ምባል ተረፉ፥ በቲ ናይ መንከሰና ኣብ ሂሪቶስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ናትናኤል ጸጋዶ ብርሃነ፥ ስም ኣደይ ወርቂ ዘርኣይ ምባል ተረፉ፥ ምዕራፍ ኣብርሃም ገብረመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ቢቴልሄም ምባል ተረፉ ምባል ተረፉ፥ በቲ ናይ መንከሰና ኢታይ ጸበለማያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ክፍሎም ብርሃነ ካፍል፥ ብዓልቲ ቤተይ ፍረወይኒ ብጹዓ ወልደማርያም ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፥ 2 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ በለጠሽ ተስፋይ ትካቦ፥ ብዓል ቤተይ ሃይለሚካኤል ኣብርሃም ተስፋሚካኤል ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፥ 11 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሳምያ ሰዒድ ኣሕመድ መሓመድ ምባል ተረፉ፥ ሳምያ መሓመድ ሰዒድ ኣሕመድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ፍኖሪ ሓጎስ ገብረሰላሴ፥ ተጸዋዒ መብራህቶም ወልደሚካኤል፥ ናይ ወኪልና ምስራዝ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ኣቶ ተኽሉ ገብረዝጊ 2.ወ/ሮ ሰናይት ሃይሉ፥ ስም ጓልና ፍትሓዊት ተኽሉ ምባል ተረፉ፥ መሊይ ተኽሉ ተባሂሉ ይተኣረመላ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳምር መሓረና ጺጋይ ምባል ተረፉ፥ ሰናይ መሓረና ጺጋይ ተባሂሉ ይተኣረም፡ ጃሲ መሓረና ጺጋይ ምባል ተረፉ፥ ሳምራዊት መሓረና ጺጋይ ተባሂሉ ይተኣረመሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ስም ጓል ወደይ ሰሉ ምባል ተረፉ፥ ኮራል ዳንኤል ዐቅባይ ተባሂሉ ይተኣረመላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ሰለማዊት መንግስ ብሩ፥ ተኸሳሲ ወልደማርያም ገብረእግዚኣብሄር ብሩ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ከሳሲት ሰላም ተስፋይ ገብረሰላሴ፥ ተኸሳሲ ጎይትኦም ግርማይ ጺጋይ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ግደይ ጥዑማዝጊ ምባል ተረፉ፥ ግደይ ጠዓመ ተባሂሉ ይተኣረመላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ትብለጽ ጸጉብርሃን፥ ተኸሳሲ ኣቶ ሓበን ተስፋሚካኤል፥ ናይ ሞዝዚትኩም ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ስምኦን ኪዳነ ጺጋይ፥ ተኸሳሲት ወ/ሮ ፌሽን ያቆብ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡

ወ/ሮ ተረዛ ኣብርሃም፡ ኣደይ ንጽህቲ ጊደ ባህታ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሃብተኣብ ተኽሉብርሃን ምባል ተረፉ፥ ሃብተኣብ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ርሓሰ መሓሪ ኣርኣያ ምባል ተረፉ፥ ርሓሰ ኣሹብር ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ዛይድ ሃይለ ወልደገርግስ፥ ኣቦና ሃይለ ወልደገርግስ ኪዳነን ኣዴና ንግስቲ ተክሉ ውሂበ ስለዝዓረፉ፥ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣስቴር ወልደሃይማኖት፡ ስም ኣደይ ኣበሳ ይብራህ ግብረቱ ምባል ተረፉ፥ ወይኒ ኣብርሃ ገብሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ምስጉና ቅዱስ ተኽለ ምባል ተረፉ፥ ዘመንፈስ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ስምኦን የናስ ገብረማርያም ምባል ተረፉ፥ ሳይሞን የናስ ገብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ከሳሲት ወ/ሮ ቅሳነት ተኽለወይኒ በርሀ፥ ተኸሳሲ ኣቶ ኣርኣያ ተስፋይ ጸጋዬ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## 1ይ ቤትፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ኣቶ ጥዑምዝጊ ገብረኺዳን ተሰማ፥ ሓወይ የውሃንስ ገብረኺዳን ስለዝዓረፈ፥ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መቐርካ

ሓጎስ ርእሶም ዓንደ፥ ስም ኣደይ ሂማን ባራሚካኤል ምባል ተረፉ፥ ብርኽቲ መብራህቱ ምስጉና ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ያቆብ ዘርኣይ ጊላይ፥ ኣቦይ ዘርኣይ ጊላይ ግደ ስለዝዓረፈ፥ ንወላዲተይ ናይ መጸምዲ ማስላ ይተሓለወላ፥ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ህድራ መሓመድ ኢብራሂም ምባል ተረፉ፥ ሃጅር መሓመድሸፋ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡


መድረኽ ማእከል ሞያዊ ስልጠና

ንኹሉም ተማሃሮን ሰራሕተኛታትን ኣብ ዘዘጥዕሞም ግዜን ሰዓትን ኣብዚም ዝስዕቡ ሞያዊ ስልጠናታት ሰልጢንኩም ቀጺሉን ንሓደሰቲ ሰልጠንቲ ምዝገባ ጀሚሩ ከምዘሎን ብሓጎስ ይሕብር።

ኣድራሻና፥ ኣብ ማእከል ከተማ ድሕሪ ካርቱም ሆቴል ጎድኒ Red sea Corporation (09) ፊት ዶር. ማሕሙድ ሕክምና ሰኒ'ዩ ብተወሳኺ'ውን ብቁ. ቴሌፎናት 07204551/07218432/112244 ክትረኽቡና ትኽእሉ።

ሀ. ዘለውና ሞያዊ ስልጠናታት (Courses)

| | |
|---|---|
| ➤ Computer application | ➤ Computer maintenance, upgrading and troubleshooting |
| ➤ Engineering Graphics<br>• Graphics Level-1<br>• Graphics Level-2 | ➤ Electronics Level-1<br>Electronics Level-2<br>Electronics Level-3 |
| ➤ Video/film shooting & Photography ([illegible]) | ➤ Editing (Pinnacle, Adobe premiere pro ) |
| ➤ Mobile software and hardware maintenance | ➤ Principle of Accounting, Peachtree, Tally and Quick book software' |
| ➤ Solar Installation | ➤ Management training<br>• Business management<br>• Office management<br>• Project management<br>• Customers service management<br>• Tour, travel and ticketing management |
| ➤ Electrical line installation | |
| ➤ Printer and Photocopier maintenance | |
| ➤ Software maintenance and programming with Python | |

ንኹሉም ሰልጠንቲ ምትካል ደሽ ብጹ ንምህር .

# ኣገልግሎት ቅድመ ትምህርቲ ንኽዕብን ንኽሰፍሕን

የናታን የዕብዮ
ሰእሊ፦ ፈያመት መስፍን
(ኣ/ዜ/ኤ - ማእከል)

ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ምስ መሻርኽቱ ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳርን ቤት ጽሕፈት ጺጋታት ዓቕሚ ሱብ ዓዲ ሃሎን ብምትሕብባር ዝወደቦ ንሰለስተ መዓልቲ ዝቐጸለ ገምጋም ኣገልግሎት ቅድመ ትምህርቲ ኣካዪዱ ነይሩ። እቲ ገምጋም ካብ 23-25 ሰነ 2026 እዩ ኣብ



ሚ/ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ

ኣዳራሽ ሃብሰኤ ተኻዪዱ። ካብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳር፡ ኣመሓደርትን ሓለፍቲ ዞባታትን ዝተወከሉ ኣስታት 130 ኣባላት ተሳቲፎም።

ኣብ መኽፈቲ ናይ'ቲ ገምጋም፡ ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳር ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ኣብ ዘስመዖ መኽፈቲ ቃል፡ "ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ግዜ ቃልሲ ከይተረፈ ንትምህርቲ ሓደ ካብ ቀንዲ ቀዳምነታቱ ሰሪዑ ዓቢ ወፍሪ ብምግባር ክሰርሓሉ ከም ዝጸንሐ ጠቒሱ፡ ድሕሪ ናጽነት'ውን ትምህርቲ ኣብ ኩሉ ንኽበጽሕ ዓቢ ወፍሪ ብምግባር ዝንኣድ ስራሕ ከም ዘሰላሰለ ኣብሪሁ።

ማሕበራዊ ፍትሒ ንምርግጋጽ ዝዓበለ መርሓ ብምኽታል፡ ዝሓለፈ ዓመት፡ ኣብ ኩለን ዓድታት ቅድመ ትምህርቲ ክኽፈታን ህጻናት ክረብሑን ዕድል ከም ዝተራሕወ ዝሓበረ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ፡ ነዚ መደብ ንምዕዋት፡ ምምሕዳራት ሓያል ስራሕ ከም ዝዓመማ ሓቢሩ። እዚ ተጀሚሩ ዘሎ መደብ ኣገልግሎት ቅድመ ትምህርቲ ምዕዋት፡ ኩለን ዝምልከተን ኣካላት ዕዙዝ ተራኡን ክጻወታ ኣተሓሳሰበ።

ኣስዒቡ ሚኒስተር ትምህርቲ ዶክተር ሓሊማ መሓመድ'ያ ቃል ኣስሚዓ። ዶ/ር ሓሊማ፡ ኣገልግሎት ቅድመ ትምህርቲ ንምዕዋት፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ምስ ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳርን ቤት ጽሕፈት ጺጋታት ዓቕሚ ሱብ ዓዲ ሃሎን ብምውህሃድ ዕወት ስራሓት ከም ዘሰላሰለን፡ ነቲ ተራኡ ዘሎ መደባት ንምዕዋት ድማ እቲ ወሃደትን ጻዕርን ብዝሓየለ ክቕጽል ምኻኑ ኣገንዚባ፡

ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስ ኣብ ዝገብሮ ዘሎ ርብርብ፡ ብቑዕ ትምህርቲ ንኹሉ ብማዕረ ምብጻሕ፡ ሓደ ካብ ፖሊሲ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ምኻኑ ብምግላጽ ከኣ፡ ኣብ ኤርትራ ትምህርቲ ናጻን ግድነታውን ከምኡ ድማ መሰረታዊ ዜግነታዊ መሰል ዜጋታት ከም ዝኾነ ኣፍሊጣ።

ትምህርቲ፡ ክሳዕ መጀመርታ ደረጃ ብቛንቋ ኣደ ዝወሃብ'ኳ እንተኾነ፡ እቶም ዕድል ቅድመ ትምህርቲ ዝረኸቡ ዝበጽሑ ግን ካብ 20% ዘይበዝሑ ከም ዘይነበሩ ሚኒስተር ሓሊማ ሓቢራ። ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ኣጉዳሰኡ ቅድመ ትምህርቲ ብምግንዛብ፡ ሕቶ ቅድመ ትምህርቲ ብቐዳምነት ክሰርሕን ክሰርሓሉን መጽናዕቲ ክሰላ ካብኡ ከም ዝጀመረ፡ ጽብጻቡ ናብ መንግስቲ ኣቕሪቡ ምንባሩን ኣረዲኣ።

ሚኒስተር ትምህርቲ ዶክተር ሓሊማ ቀጺላ፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንቕድመ ትምህርቲ ዝሆቦ ኣቓልቦ፡ ኣብ ርኽበታት ዓለማዊ መጽናዕቲ ስነ ፍልጠት ዝተመርኰሰ ምኻኑ ድሕሪ ምሕባር፡ ኣብ ናይ ሻሙናይ ሃገራዊ ፈተናን ኣብቲ ንሳልሳይን ሓሙሻይን ክፍሊ ኣብ ሰለስተ ዓመት ዝወሃብ ፈተና ቛንቋታት ኣደ፡ እንግሊዝን ቁጽርን (MLA) ዝሳተፉ ተመሃሮ እንክረኣዩ፡ እቶም ብቐድመ ትምህርቲ ዝሓለፉ፡ ዝበለጸ ውጽኢት ከም ዘመዝገቡ ኣብሪሃ።

ብመሰረት እዚ፡ መንግስቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ቆልዑ ኣብ ኩለን ዓድታት ዕድላት ትምህርቲ ቅድመ ትምህርቲ ንኽረኽቡ ተበግሶ ስለ ዝወሰደ፡ ካብ ኩለን ዞባታት ዝመጽኡ 6000 መማህራን ከም ዝሰልጠና፡ ካብዚኣን ድማ እተን 4000 ኣብ ስራዕ ደሞዝ መንግስቲ ብምእታው ክምህራ ከም ዝጀመራን፡ እቲ መደብ ንብዙሓት ኣካላት ዘሳተፈ ከም ዝነበረን ዕወት ምንባሩን ከኣ ገሊጻ። ነተን ትሕቲ 12 ክፍሊ ደረጃ ትምህርቲ ዘለወን ኣብ ሞያ ምምህርና ኣገልግሎት ቅድመ ትምህርቲ ዝምደባ ከኣ ደረጃ ትምህርተን ዘዕብያሉ ባይታ ንምጥጣሕ ይሰራሕ ከምዘሎ ሚኒስተር ትምህርቲ ዶክተር ሓሊማ ወሲኻ ኣብሪሃ።

ሚኒስተር ትምህርቲ ዶክተር ሓሊማ፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣብ መጻኢ ሐዙዎ ዘሎ መደብ ክትገልጽ ከላ፡ ኣብ ኩለን ዞባታት መጽናዕቲ ድሕሪ ምኽያድን ምዝታይን፡ ኣብ ቛንቋ እንግሊዝን ቁጽርን ዘድሓበ ሓገዝ ክህብ ምኻኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብዚ ክረምቲ ነተን ዓሚ ስልጠና ቅድመ ትምህርቲ ዝወሰዳ ናብ ደረጃ ሰርቲፊኬይት ንምዕባይ ናይ ክልተ ወርሒ ስልጠና፡ ንሓደስቲ ድማ ናይ ሓደ ወርሒ ስልጠና ከም ዝወሃበን ኣብሪሃ። ከምኡ'ውን እተን ትሕቲ 12 ክፍሊ ዝኾና ደቀንስትዮ መማህራን ትምህርተን ኣብ ዞባታት ዝከታተልኦ መንገዲ ይድህሰስ ከም ዘሎ ንተሳተፍቲ ናይቲ ገምጋም ገሊጻ።



እቲ ዝተወደበ ናይ ሰለስተ መዓልቲ ገምጋማዊ ርክብ፡ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ዝተራእዩ ብልጫታትን ሃንፋትን ብዝበለጸ ክዕመም፡ ነፍሲ ወከፍ ዞባ ድማ ውድዓዊ ዝኾነ መደብ ስራሕ ከተቕርብ፡ ብፍላይ መደብን ኣተሓሕዛን ናይቶም ካልኣይ ዓመት ቅድመ ትምህርቲ ወዲኦም ናብ ቀዳማይ ክፍሊ ዝሓለፉ ህጻናት ብዝጸረ ክከታተሉ ልዑል ትጽቢት ናይ'ቲ ገምጋም እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ብመደብ GPA II ይኹን ብኻልእ ዝሰላሰል ስርሓት ህንጻ፡ ዞባታት ክመያየጣሉን ክመሃሃራሉን ብዝበለጸ ክዕመማኦ፡ ጨናፍር ትምህርቲ ዞባታት ንዓመታ ዘሰርሕ ጭብጢ መደብ ስራሕ ክሕንጽጻን ናይ ሓባር መደብ ክወጽኣን ሚኒስተር ሓሊማ ኣብ'ቲ ገምጋም ካብ ዘቐመጠቶ ነጥቢ እዩ።

ዕወት ትምህርቲ ብፍላይ ድማ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ንኽህሉ ኣበርክቶ ኣመሓደርቲ ዞባታት፡ ንኡሳን ዞባታትን ዓድታትን ወሲ ምኻኑ ኣዮኑሰዑ፡ ንጡፍ ተሳታፍነት ናይ ኩሎም መሻርኽቲ ድማ ኣገዳሲ እዩ።

ብዘወሰኸ፡ ወኪል ዳይረክተር ክፍሊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ፡ ኣቶ ኣብርሃም ርእሶም፡ ብዛዕባ መምርሒ ስትራተጂ ምብህዛል ንተሳትፎ ወለድን ኮምን ኣብ ቅድመ-ትምህርትን ኣገዳስነቱን ዝርዝራውን ገላጺን መብርሂ ሂቡ። ንሱ ኣብ መግለጺኡ፡ ንረብሓታት፡ ኩነታት፡ ዕላማታት፡ ሸቶታት፡ ቀንዲ መልእኽትታት ወዘተ ቅድመ-ትምህርትን ስትራተጂ ምብህዛልን ኣብ መንጎ ወለድን መማህራንን ዘሎ ናይ ስራሕ ዝምድና ወዘተ፡ ኣብ ባይታ ክሰርሓሉ ዝጽውዕ ሰፊሕ ዝርዝራዊ መረዳእታታት ሂቡ።

ቀጺሎም፡ ሓለፍቲ ጨ/ትምህርቲ ዞባታትን ኣባላት ምምሕዳር ዞባታትን መማንደሳት ናይ 2024/25 - 2025/26 ገምጋም ኸኣ ንጥፈታት ቅድመ-ትምህርትን ህንጻዊ ስርሓት GPEIIን ኣቕሪቦም። ኣብቲ ገምጋም፡ ድሕረ ባይታዊ ሓበሬታታት፡ ዝርገሐ ኣገልግሎት ቅድመ ትምህርቲ፡ ህሉው ኩነታት ነባራትን ሓደስትን ተመሃሮ፡



መደባት ህንጻዊ ስርሓትን፡ ዝተሓፍሱ ዓወታትን ብድሆታትን ብንጹር ቀሪቦም። ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ድማ ዞባታት፡ ምድይቦ ብምኽያድ ውጥን ስራሕ ዘቕኣም ሓንጺጾም ንተሳተፍቲ ኣቕሪቦም። ተሳተፍቲ ከኣ፡ ሕቶን ርእይቶን ብምቕራብ ነቲ ገምጋም ኣሃብቲሞምዎ።

ድሕሪ'ቲ ዝተኻየደ ገምጋም፡ ኣብ ኩለን ዞባታት፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ርኡይ ዝኾነ ዕቤት ኣብ ተበጺሑዎ ወይ ዝርግሐ ቅድመ ትምህርቲ ከም ዝተራእየ ተገሊጹ እዩ። ብዙሓት ኣይታት ዕድል ስራሕ ረኺበንን ሓድሽ ሞያ ከጥረያ ከምዝሓገዘን'ውን ሓቢሩ። ዕድል ቅድመ ትምህርቲ ዘይረኸቡ ብዙሓት ቆልዑ ከም ዝተለለዩ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ፋሕ ዝበለ ዝተዋደደ ኣገልግሎታት ቅድመ-ትምህርቲ ተመዛዚኖም ተጠቀምቲ ክኾኑ ከምዝኽእሉ እውን ኣብ'ቲ ገምጋም ተገሊጹ።

ኣፍልጦ ወለድን ኮምን ብዛዕባ ኣገዳስነት ቅድመ ትምህርቲ ከም ዝዓቢ ክኸውን ምኽኣሉ ምትሕብባር ወለድን ኮምን ምስ ምምሕዳራትን ኣኻበርቲ ዓድን ኣገዩ ዕዙዝ ከም ዝነበረ፣ ተራ ወሰዲ ኣብ ምህናጽ መማህሪ ማእከላት፡ ኣብ ምስዳድ ደቆም ናብ ማእከል ቅድመ ትምህርቲ፡ ኣብ ምምዝኣ ናውቲ ትምህርትን ኣብ ምብርካት ገዛእዊ ሓገዛትን ወዘተ ከኣ ዝንኣድ ምንባሩ ኣብ'ቲ ገምጋም ብዝርዝር ተገሊጹ።

መደብ ኣገልግሎት ቅድመ ትምህርቲ ንምዕዋት፡ ኣብ ህንጸት ትካላት ትምህርቲ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ማለት፡ ንመማህሪ መጀመርታ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ትምህርቲ ዝኾኑ ክፍልታት፣ ከምኡ'ውን ዓይኒ ምድሪን መንበሪ መማህራንን ተሰሪሖም እየም። ህዝቢ'ውን ኣብ ምውጣንን ትግባረን ፕሮጀክት ህንጻ ተሳቲፉ፡ ልዑል ስምዒት ዋንነት ኣጥርዩን እዩ። ንበርቲ ድማ ዕድላት ሸቐለት ተፈጢሩ። እቲ መደብ፡ ዝተፈላለየ ኣካላት መንግስቲ፡ ብወሃደት ንኽሰርሓ እውን ኣኽኢሉወን እዩ።

ኣብ ኩሉ ጉዕዞ ብድሆታት ኪጋጥም ንቡር እዩ። ኣብ ምዕዋት ኣገልግሎት ቅድመ ትምህርቲ ድማ፡ ዘጋጠሙ ብድሆታት ነይሩ'ዩ። ንሱ ከኣ፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን፡ ሕጽረት ብቛንቋ ኣደ ዝሰልጠኑ መምህራን ምንባሩ ኣብ'ቲ ገምጋም ተሓቢሩ። ካልእ፡ ሕጽረት ናውቲ ትምህርትን መሰረታዊ መማህሪ ነገራትን'ውን ከም ብድሆ ተገሊጹ። ብሰንኪ ዘይጥጡሕ መገድን ሰፊሕ ሳዕሳዊ መሳብርቶ ህዝብን እውን ዘይተበጽሓ ዓድታት ነይረን። ኣብ ህንጸት ትካላት ትምህርቲ'ውን ብሰንኪ ሕጽረት ቀረብን ዋሕዲ መጓዓዝያን



ሚ/ዞባዊ ምምሕዳር ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ

ኣብ መስርሕ ህንጻ ምኽንያት ምድንጓይ ኮይኑ እዩ።

ኣብ መወዳእታ ናይ'ቲ ገምጋም፡ ቀጻልነት ናይ'ቶም ቆልዑ ንምርግጋጽ፡ ቅድመ ትምህርቲ ምስ ወድኡ ኣገልግሎት መጀመርታ ቤት ትምህርቲ ዝረኽቡሉ ዕድል ተዋዲዱ ክጸንሕ፡ ተሳተፍቲ ዘቕረብዎ ለበዋ እዩ። ኩሉ መዳያዊ ምዕባለ ቆልዑ ንምርግጋጽ ድማ፡ ኩሎም መሻርኽቲ ተራኦምን ሓላፍነቶምን ክዋጽኡ መተሓሳሰቢ ቀሪቡ። ተራን ግብራዊ ተሳታፍነትን ወለድን ኮምን ድማ ኣብ ምዕዋት ኣገልግሎት ቅድመ ትምህርቲ ዕዙዝ ምኻኑ ተሳተፍቲ ኣዘኻኺሮም። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ'ቲ ንሰለስተ መዓልቲ ዝቐጸለ ገምጋም፡ ንዕብየት ኣገልግሎት ቅድመ ትምህርቲ ዝጠቕሙ፡ ሃናጺ ርእይቶታትን ሓሳባትን ቀሪቦም እዮም።

---

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ጸብጻብ ጸወታት ኩዕሶ እግሪ ዋንጫ ዓለም 2026 |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:20 | ተክኢንሳይት |
| 15:00 | ፓኖራማ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ናትራን |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዜና ስፖርት |
| 20:25 | ፊልም ገጽታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት |



ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ምምዝማዝ ዕቑር ሕርሻዊ ጸጋታት

ሕርሻን ምህርቲ ጥሪትን ንኤርትራ ሓፂሽካ ኣብ ብዙሕ ከበባታት ዓለም፡ መሰረታዊ ኣካል መቑጸሪ ቀጠባዊ ምዕባለን ውሕስነት መግቢን ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። ዋላኳ ኤርትራ ደረቕን ሓውሲ ደረቕን ክሊማዊ ኩነታት ኣየር፡ ወሰን ዘኽብብን በዓዚ ኩነታት ሕርሻን እንተ ሃለዋ፡ ዓውዲ ሕርሻ ንዓቢ ክፋል ሕብረተሰብ ልዑል ደገፍ ብምሃብ ይቕጽል ኣሎ። ከም እምነ ኩርናዕ ሃገራዊ ልምዓት ኮይኑ ድማ የገልግል ኣሎ። እዛ ሃገር ክሊማዊ ለውጢ ንምምካት ኣብ እትጋዕረሉ ዘላ እዋን፡ ኣብ ምዕባለ ዓውዲ ሕርሻ ንጡፍ ተሳትፎ መንእሰያታ ዝሓተተት እዩ።

ኤርትራ፡ ርኡይ ናይ ሕርሻ ዓቕሚ እትውንን ሃገር እያ። ብመሰረት ገምጋማት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ እዛ ሃገር ብዙሕብ ዝለዓለ ኣስታት 2.1 ሚልዮን ሄክታር መሬት ሕርሻ ትውንን። ካብዚ፡ ንመስኖ ዝምችእ ኣስታት 600 ሽሕ ሄክታር ይበጽሕ። ኣብዚ እዋን'ዚ ከኣ፡ ኣስታት 500 ሽሕ ሄክታር ኣብ መዓላ ከም ዘሎ ኣብ ቀረባ እዋን ዝተረኸቡ ጸብጻባት ይሕብሩ። ልዕሊ 93 ሚእታዊት ናይ'ዚ ዝተጠቕሰ ከባቢ፡ ኣብ ትሕቲ ዝተመሓየሸ ዕቃብ ሓመድን ማይን ዝተገብረሉን ዝዐበረሉ ዘሎን ምርኩስ ዝገበረ ንጥፈታት ዝቕየደሉ ክኸውን እንከሎ፡ ዝተረፈ ኸኣ ብመስኖ ዝለምዕ እዩ። ተወሳኺ፡ ብዘይዳ ዚ ንምስፋሕ ቀጻሊ ወፍሪ ምህዞን ምዕባለ ሰብኣዊ ርእሰ ማልን ዝሓተተት ንመንእሰያት ኤርትራ ለውጢ ከምጽኣሉም ዝኽእል መዳያት እዩ።

ለሚ ዋላኳ ከተማውነት በብቑሩብ እናወሰኸ ይኸይድ እንተሎ፡ ብጠምጋም ክልተ ሰሶ ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣብ ገጠራት'ዩ ዝነብር። ሕርሻን መጓሰን ድማ፡ ኣገዳሲቲ ምንጪ ኣታዊታቱን መቑጸርኡን ኮይኖም ይቕጽሉ ኣለዉ። እዚ ከማዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሰፍሓት ሕርሻ ምዕባይ፡ ምፍራይ ጥሪትን ምግዳፍ ዓሳን፡ ንመቑጸሮ ኣስታት 65 ክሳብ 70 ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ኤርትራ ከም ዝድግፍ ይእመን። ከምቲ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ዝረኣ፡ እዚ ኣሃዝዚ፡ ካብ ዓለማዊ ማእከላይ ደረጃ፡ ኣዝዩ ልዑል እዩ። እዚ ድማ፡ ኑቲ ዓውዲ፡ ኣብ ቀጠባውን ማሕበራውን ደሓን ህይወት ዘለዎ ህዝቢ ኣገዳሲ ይገብር። ወላኳ ጽላት ሕርሻ ኤርትራ፡ ብታሪኽ ትሕቲ ምሉእ ዓቕሙ ክሰርሕ እንተ ጸንሐ፡ ቀጻሊ ወፍሪ መንግስቲን ሚኒስትሪ ሕርሻን ንኸሲጋስ ኣፍራይነት ብዓይነትን ብዝሒን ንምዕባይን ንምስፋሕን ሓጊዙ እዩ። እዚ፡ ምስቲ ኣብ ፈለማ 1990ታት ዝነበረ ክጻጸር እንከሎ፡ ማጠን ድኽነትን ሕጽረት ውሕስነት መግቢን ብዓቢ መልክዑ ከም ዝጎደለ ይእመን።

ብመሰረት ጸብጻብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ስታቲስቲክስ ኤርትራ፡ ዕድመ ኣስታት 40 ሚእታዊት ካብ ህዝባ ትሕቲ 15 ዓመት ክኸውን እንከሎ፡ ዕድመ ኣስታት 72.5 ሚእታዊት ናይ ዜጋታታ ድማ፡ ትሕቲ 35 ዓመት እዩ። እዚ ኣሃዝ'ዚ ግን፡ ኤርትራ ዝጠዘለ ህዝቢ መንእሰይ ምኻኑ ንምግላጽ ዘኑልሕ ጥራይ ዘይኮነ፡ እዚ ዕድል እዚ (ሃገር ዓዲ መንእሰያት ምኻና)፡ ንናይ መጻኢ ቀጠባዊ ረብሓ ህዝቢ ናይዛ ሃገር (demographic dividend) ዓብዪ ዕድል ከም ዘሎ እውን ዘመልክት እዩ።

ብርግጽ ኤርትራ፡ ብዙሕ ብልጫታት እትውንን ሃገር እያ። ገለ ካብኡ፡ ብዝበዘሐ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት፡ ሃብታም ባህላውን ሕብረ ቋንቋውን ብዙሕነት፣ ስትራተጂካዊ ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣ ከምኡ'ውን፡ እትውንኖ ሰፊሕ ገምገም ቀይሕ ባሕሪ ምጥቃስ ይከኣል። ኩሉ ግን፡ እቲ ዝዓበየ ጸጋኣ - ህዝቡ፡ ብፍላይ ከኣ መንእሰያት እዮም። ኣብ ታሪኽ ኤርትራ፡ መንእሰያት ንሃገር እዚን ክንደዚን ኢልካ ብዋጋ ዘይትመን ኣበርክቶ ገይሮም፣ ኣብ ምዕባለኣ ድማ ኸኣ ብልዑል ተገዳስነት ዓቢ ተራ ይጻወቱ ኣለዉ። ጽንዓቶም፡ ቀራጽነቶምን ናይ ስራሕ ወኒምን ገለ ካብ ኣገደስቲ ጸጋታት ናይ'ዛ ሃገር ኮይኖም፡ እዞም ጸጋታት እዚኦም ንመጻኢ ናይዛ ሃገር ቀንዲ ምዕባለ ብምኻን ዘገልግሉ ኣምራት እዮም። እዚ ንኤርትራ ውሑድ ካብቲ ብዙሕ ዘለዋ ጸጋታት ኢልካ ክግለጽ ይከኣል።

ምርባሕ እንስሳት (መፍረ ከብቲ)፡ ንተሳትፎ መንእሰያት ኤርትራ ኣብ ሕርሻ ናይ ምሕያል ኣገዳስነት ዘብርህ እዩ። ሃብቲ ጥሪት ኣገዳሲ ኣካል ሕርሻዊ ቀጠባ ኤርትራ እዩ። ንስድራቤታት ናይዛ ሃገር ድማ፡ ኣብ መግቢ፡ ኣታውን ቀጠባዊ ውሕስነትን ዕዙዝ ኣገዳስነት ኣለዎ። ንብዙሓት ትሑት እቶት ዘለወን ስድራቤታት፡ ደቂ ኣንስትዮን ኣርባዕቲ እንስሳታትን ጥሪት ከም ኣገዳሲ ሃብትን መርበብ ድሕነትን ብምኻን የገልግሉ። በቲ ሓደ ሸነኽ ድማ ምስ ዕብየት ቀጽሪ ብዝሒ ህዝቢ፡ ምውሳኽ ኣታዊታትን ለውጢ ናይ ምርጫ ዘለዎም ድልውነትን፡ ዝተመሓየሸ ሕርሻዊ ሜላታት፡ ዚያዳ ስሉጥ ስርዓት ምፍራይን ንዋሕ እዋን ዝጸንሑ ብድሆታት ፈጠራዊ ሓደስቲ መፍትሒታትን ንምትእትታው ከቃልል ዝኽእል እዩ። እዚ ዕብየት ምዕባለታት'ዚ፡ ፍርያት ክብ ዘበለ፡ ስርዓታት ኣመጋግባ ዘሐይል ወይ ዘደልድል፡ ከምኡ እውን ውሑሰን ዝተመጣጠነን መግቢ ንምርካብ ዝኽእሉ ዕድላት ከም ዝመሓየሸ ንምግባር ዝኽእል እዩ።

መንእሰያት ኤርትራ፡ ኣብቲ ዘላቕነትን ከቢቢያዊ ምሕደራን ንምድንፋዕ ዝዐበር ጻዕርታት እውን ከይተረፈ፡ ኣብ ቅድሚት እዮም ዘርዐዩ። ኣብ ሕርሻ ብዘለዎም ንጡፍ ተሳትፎ፡ ምስ ፖለሲ ክሊማዊ ለውጢ ዝሰማምዑን ንኣከባቢ ዘይጎድኡን ንጥፈታት ንምስፋሕ ግደኦም ዕዙዝ እዩ። ንጥፈታት ምግራብ፡ ምዕቃብ ሕርሻን ዘላቒ ምሕደራ መሬትን ብኣብነት ክጥቀሱ ካብ ዝኽእሉ ዕማማት እዮም። ብተወሳኺ፡ ንፈተኒታት ሓደስቲ ነገራት ዘለዎም ክፉትነት እውን፡ ተገላቢ ክሕለፍ ዘይብሉ እዩ። ከምኡ'ውን፡ ክሊማዊ ለውጢ ኣብ መላእ ዓለም ንዘርከቡ ስርዓታት ሕርሻ እናጸለወ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ መንእሰያት ንዘለዕብ ክስተታት ምስፍሕፋሕ ከተማታት ንምፍታሕ ቀንዲ ተዋሳእቲ እዮም።


ሕርሻ ሱፍ ኣርሰቡት

ብዘላቕነት ፍታሕ ኣብ ዘምጽኡ ምህዞኣዊ ቴክኖሎጂ ኣበርክቶ ክገብሩ ሓላፍነቶም ክዋጽኡ ይግባእ።

ካብ ምህዞን ዘላቕነትን ወጻኢ፡ ሕርሻ ዕድል ሸቕለት ኣብ ምፍጣር፣ ናይ ብሕቲ ኣውፊርቲን ፈጠርቲ ስራሕን (entrepreneurship) ድማ ኣታዊ ንኽረኽቡን ዓበይቲ ዕድላት ዝፈጥር እዩ። ሸቕለት ኣልቦነት፡ ኤርትራ ሓፂሽካ ኣብ ብዙሓት ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ሃገራት፡ ገና ዓብዪ ብድሆ ኮይኑ ዝቕጽል ዘሎ እዩ። ኣብዚ ኩነታት እዚ፡ ሕርሻ ከም ልሙድ ናብራ ወይ ንጥፈታት ጥራይ ዘይኮነ፡ ከም ሓደ እናዓበየ ዝኸይድ ዓቕሚ ዘለዎ ንጡፍ ዓውዲ ገይርካ ክርአ ዘለዎ ጽላት እዩ። ዕድላት ካብቲ ቀንዲ ናይ መጀመርታ ፍርያት ወጻኢ ሰፊሕ ኮይኑ፡ ናይ ሕርሻ ንግዲ (agribusiness)፡ ምድላው መግቢ (food processing)፡ ምዕሻግ፡ መጎዓዝያ፡ ዕዳጋን ካልኦት ክብርታት ዝወሰኹ ንጥፈታትን ዘጠቓልል እዩ። መንእሰያት ኣብዞም ዓውድታት እዚኦም ብምስታፍ ድማ፡ ትርጉም ዘለዎ ናይ ስራሕ ዕድል ክፈጥሩ፡ ኣታዊኦም ክብ ከብሉን ንሰፊሕ ቀጠባዊ ዕብየት ኣበርክቶ ክገብሩን ይኽእሉ።


ሕርሻ ተምሪ


መንእሰያት ኣብ ስራሕ


ዓቢ ተሳትፎ ናይ መንእሰያት፡ ኑቲ ኣብ ሕርሻ ዘሎ ኣረኣእያ ንምቕያር ክሕግዝ እውን ይኽእል እዩ። ብዙሕ ግዜ ዓውዲ ሕርሻ ብፍላይ ኣብ መንእሰያት ከም ግዜኡ ዝሓለፎ ዘይስሕብ ዓይነት ስራሕ ተገይሩ ይርአ እዩ። ይኹን እምበር፡ ዝጠዘለ መንእሰያት ከም ወነንቲ ስራሕ፡ መሃዝትን መራሕትን ንግድን ኮይኖም ናብ ሕርሻ ምስ ዝኣትዉ፡ ጽላት ሕርሻ፡ ዘመናዊ፡ መኽሰባውን ዓብዩ ጽልዋ ዘለዎን ዓውዲ ምኻኑ ንምርኣይ ክሕግዙ ይኽእሉ እዮም። ዓወቶምን ዕቤቶምን ድማ ንኻልኦት፡ ኣብ ወሽጢ እቲ ዓውዲ ዝሎ ዕድላት ክድህስሱ ክተቓቕሖምን፡ ሓደሽ ወለዶ ሰብ ሞያ ሕርሻ ከተባብዕን ይኽእል እዩ።

ኣብ መደምደምታ፡ መጻኢ ሕርሻ ኤርትራ፡ ካብ መጻኢቲ መንእሰያታ ዘይፍለ እኳ ደኣ፡ ዝተኣሳሰረ እዩ። ኤርትራ ሰፊሕ ናይ ሕርሻ ጸጋታት፡ እናዓበየ ዝኸይድ ጽላት ዓውዲ ሕርሻ እንስሳታት፡ ከምኡ እውን ለውጢ ክምጽእ ዝኽእል ንጡፍ መንእሰይን ጻዕራም ህዝብን ዘለዋ ሃገር እያ። ኤርትራ ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ መንእሰያት ሓያል ወፍሪ ብምግባር፡ ተበጻሕነት ዕድላት ብምስፋሕ ከምኡ እውን ንምህዞ ንስራሕ ፈጠራን ንዘላቒ ናይ ሕርሻ ልምዓትን ምቹእ ባይታ ብምፍጣር (ብምምዕባል)፡ ውሕስነት መግቢ ከተዕቢ፡ ተጻዋርነት ክሊማ ከተሐይል፡ ዕድላት ስራሕ ክትፈጥርን ንዋሕ እዋን ዝኸይድ ወይ ዝቕጽል ዕብየት ሓደስቲ መገንድታት ክትከፍትን ክትሃንጽን ትኽእል እያ። ስለዚ፡ መንእሰያት ኣብ ሕርሻ ንጡፋት ተሳተፍትን መራሕትን ክኾኑ ዓቕሚ ምሃብ (ምብቃዕ)፡ ረብሓኡ ጥራይ ዘይኮነ፡ ምሉእ ዓቕሚ ብቕዓትን ሃገር ንምርግጋጽን ዕድል መጻኢቲ ወለዶታት ንምውሓስን ዝበለጸን ዝሓበተመን መሰረት ክህልዎም እዩ።

ምንጪ፡ Eritrean Profile


ፊጋ ሮራ





# ስፖርት


ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዙር ፈረንሳ 2026፡ ቀዳም ክጅምር እዩ

### ቢንያም፡ ንራብዓይ ተኸታታሊ ዓመቱ ክወዳደር እዩ

ዝዓበየ ናይ ቅድድም ብሽክለታ መድረኽ ምዃኑ ዝግለጽ ዙር ፈረንሳ፡ ቀዳም 4 ሓምለ ናይ 2026 ማሰናድኣኡ ክፍልም እዩ።

እዚ ንመበል 113 ግዜኡ ዝቖጽር ውድድር፡ ከም ልሙድ 21 መድረኻት ዝሓዘ ኮይኑ፡ ኣብ ቀዳመይቲ መድረኽ ኣብ ስጳኛ ከተማ ባርሰሎና ብናይ ጋንታ




ናይ ግዜ ውድድር (TTT) ክፍልም እዩ፡ 19.6 ኪሎሜተር'ውን ክሸፍን እዩ።

ዙር ፈረንሳ፡ ኣብ 1971 ብናይ ጋንታ ናይ ግዜ ውድድር ድሕሪ ምጅማሩ፡ ሎሚ ድሕሪ 55 ዓመታት ብተመሳሳሊ ኣገባብ ክፍልም'ዩ።

እዚ ኣብዑን ሸውዓተ መድረኻት ጎልጎል፡ ኣርባዕተ ናይ ኩርባ መድረኻት፡ ሸሞንተ ናይ ኣዝዩም ተረርቲ ዓቐበታት፡ ሓንቲ ናይ ውልቂ ሓንቲ ከኣ ናይ ጋንታ ናይ ግዜ ውድድር ዘጠቓለለ ናይ ሰለስተ ሰሙናት ውድድር፡ 3321.2 ኪሎሜተር ክሸፍን እዩ።

* ዝለዓለ ቀላሕታ

ካብዞም ኣብ ኻፍሲ ወከፍ 23 ጋንታታት ዘለዉ ሸሸሞንተ ብድምር 184 ተቐዳደምቲ፡ እቲ ዝለዓለ ቀላሕታ ዝወጽኦ ተቐዳዳማይ - ታደይ ፖጋቻ እዩ።

እዚ ስሎቬንያዊ ተቐዳዳማይ፡ ናይ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት፡ ብሓፈሻ ከኣ ኣርባዕተ ሳዕ እዚ ውድድር ዝተዓወተሉ እዩ፡ ንናይ ሎሚ ዓመት ክዕወተሉ (ብጫ ማልያ ክወስዳ) እውን ዝለዓለ ትጽቢት ተነቢሩሉ ኣሎ።

ኣባል ዩኣይኢ ኢማራተስ ዝኾነ እዚ ኮኾብ ተቐዳዳማይ፡ ሎሚ ዓመት ምስ ዝዕወት ብሓሙሽተ ዓወታት ናይዚ ውድድር ኣብ ቅድሚት ምስ ዝርከቡ ሚጌል ኢንዱራይን፡ በርናርድ ሂናየልት፡ ኢዲ መርክስን ጃክ ኣንኩቲልን ክስራዕ እዩ። እዚ ውድድር ሸውዓተ ግዜ ተዓዊቱሉ ብቕዳምነት ዝጽዋዕ ዝነበረ ኣመሪካዊ ላንስ ኣርምስትሮንግ፡ ድሕሪ ግዜ ሓይሊ ዝህብ መድሃኒት ይወስድ ምንባሩ ምስ ተፈልጠ ኩሉ ዓወታቱ ምስረዙ ይፍለጥ።

ንፖጋቻ፡ ኣብ ብጫ ማልያ ቀንዲ መወዳደርቱ ክኾኑ ዝኽእሉ፡ ኣባል ቪዝማ - የናስ ቪንገጋርድ እዩ፡ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ብፖጋቻ ምሒር ዝተዓብለለ ቪንገጋርድ፡ ኣብ 2022ን 2023ን ዘዐወቶ ብሉጽ ቁመና ሐዚ ክምለስ ኣብ ጻዕሪ እዩ ሓሚዩ። ንኣብ ጥርዚ ቁመና ዘሎ ፖጋቻ ስዒሩ ንብጫ ማልያ ምስ ዝዕወት ከኣ ምስ ታሪኽ ፖጋቻ ክመሓረረ እዩ። ኣብ 21 ዘመን ንጅሮ ዲ ኢጣልያን ዙር ፈረንሳን ኣብ ሓደ ዓመት ዝተዓወተሉም ካልኣይ ተቐዳዳማይ ብምዃኑ፡ ፖጋቻ እዚ ታሪኽ ኣብ 2024 እዩ ሰሪሕዎ። ቪንገጋርድ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት ንዝተኻየደ ዙር ኢጣልያ ተዓዊቱ እዩ ተወሲኺ ቅያ ንምስራሕ ናብ ፈረንሳ ኣቕኒዑ ዘሎ።

ብዘይካ'ዚ፡ ረምኮ ኢቨንፖኤል፡ ኩዋን ኣየሱ፡ ተም ፒድኮክ፡ ፍሎሪያን ሊፖቪትዝ፡ ኢሳክ ደል ቶሮን ፑል ሲክሰሰን ተጠመትቲ እዮም። ኣየሱ ትሰፋዊት ተቐዳደምቲ ደል ቶሮን ሲክሰሰን ኣብ ማልያ መንእሰያት'ውን ክጠማጠሙ ትጽቢት ኣሎ።

ብዘይካ'ዚ፡ ድሕሪ'ዚ ናይ ግዜ ውድድር ቀላሕታ ዝወጽኦ ናይ ቀጠልያ ማልያ (ናይ ቕልጡፍ ውድድር) ቅልስ፡ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ኤንኤስኤን ቢንያም ግርማይ፡ ዝርከቦም ብዙሓት ብሉጻት ሸኾኽቲ ኣለዉ። ያስፐር ፍሊፕሰን ካብ ኣልፐሲን፡ ማደስ ፐደርሰን - ሊድል ትረክ፡ ቲም ሜርሊር - ሱዳል ኩዊክ ስቴፕ፡ ከምኡ'ውን ኦሉቭ ኮይ - ድክትሎን ነዛ ማልያ ክዕወቱላ ይግመቱ።

ምስ ኢንተርማርሽ ኮይኑ ኣብ 2024 ዕወት ናይዛ ማልያ ዝኾነ ቢንያም ግርማይ፡ ነቲ ዓሚ ዘይረኸቦ ሎሚ ዓመት ምስ ካልእ ጋንታ ብምዃን ናይ መድረኽ ዓወታት ከመዝግብ ትጽቢት ይግበር፡ ከጽዕኡ ከኣ ዳግማይ ነታ ማልያ ክሉብሱ። መራሒ ናይዛ ንፈለማ ግዜ ኣብ ዙር ፈረንሳ እትሳተፍ ክለብ ኮይኑ ዝኣቱ ቢንያም፡ ናብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ምስ ምለኡ ርእሰ ተኣማንነት ክኣቱ ምኽንያት ድማ ዝሓለፈ መጋልታት ተዓዊቱ ኒዩሩ።

እዚ ክልተ ናይ ዕረፍቲ መዓልታት ዘለዎ ውድድር፡ 26 ሓምለ ኣብ ከተማ ፓሪስ ክዛዘም እዩ። ጽቡቕ ዕድል ንቢንያም!

---

## ሳይሞን፡ ኣብ ዳይመንድ ሊግ . . .

ኣትሌት ፍረ ጻዕሪ ሚኒስትሪ ሕርሻ - ሳይሞን ተስፋገርግሽ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ፈረንሳ ከተማ ፓሪስ ኣብ ዝተኻየደ ናይ 'ዳይመንድ ሊግ' ውድድር፡ ኣብ 5000 ሜትሮ ተወዳዲሩ 10ይ ኣትዩ።

ነዚ ርሕቀት፡ ኣመሪካዊ ግራንት ፊሸር ብ12 ደቒቕ 54 ካልኢትን 80 ንኡስ ካልኢትን ተዓዊቱሉ። ሳይሞን ከኣ ብ12 ደቒቕ 59 ካልኢትን 37 ንኡስ ካልኢትን 10 ኣትዩ። ናይዚ ርሕቀት ዝበለጸ ግዜኡ'ውን ሃሪሙ።


ሳይሞን (ከቢብ ምልክት ተገይሩሉ ዘሎ)

ኦሎምፒካዊ ዘርእሰናይ ታደሰ፡ ኣብ 2006 ኣብ ዳይመንድ ሊግ ኣብ ተመሳሳሊ ርሕቀት ዝሓረሞ 12 ደቒቕ 59 ካልኢትን 27 ንኡስ ካልኢትን ናይ ኤርትራ ዝበለጸ ግዜ ናይቲ ርሕቀት ምዃኑ ይሕብር።

ሳይሞን ካብዞም ኣብ ዝቐጸሉ ዓመታት ንኤርትራ ዓበይቲ ዓወታት ከምጽኣላ ትጽቢት ዝግበረሎም ትስፉዋት ኣትሌታት ሓደ እዩ።

---

## ብምኽንያት 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ግጥም ሰደቓ ቴንስ ተኻይዱ

ብምኽንያት 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ኣብ መንን ጉዳይም ተጻወትቲ (ልዕሊ 40 ዓመት) ውድድር ሰደቓ ቴንስ ዞባ ማእከል ተኻይዱ።

ኣብቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ባርካ ዝተኻየደ ናይ ክልተ መዓልታት ውድድር፡ ትሸዓተ ደቂ ተባዕትዮ ዝተሳተፍዎ 49 ጸወታታት ተሰላሲሉ። ተመጣጣኒ ብቐዓትን ምትህልላኽን ዝነበሮ እዚ ውድድር፡ ፍጹም ተስፋይ ንግርማይ ጉብረኣልፋ ስዒሩ ሳልሳይ ደረጃ ክሕዝ እንከሎ፡ ተወልደ ጉብረንጉስ ድማ ንሰመረ ጉብረልኣል ስዒሩ ቀዳማይ ደረጃ ሓዚ።

ፈደረሽን ሰደቓ ቴንስ ዞባ ማእከል ነዚ ንፈለማ ግዜ ዝተኻየደ ውድድር ኣብ ቀጻሊ ብዘሰፍሐ ውዳበን ንጥፈትን ክቕጽሎ ምዃኑ ሓቢሩ።




---

## ሂንካፔ፡ ካልኣይ ተጻዋታይ . . .

ተኸላኻሊ ኤኳዶር - ፔሮ ሂንካፔ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ኣፉ ብምሽፋኑ ዝተባረረ ካልኣይ ተጻዋታይ ኮይኑ።

ምስ መጋጥምትኻ ኣብ እትጕራፈጠሉ እዋን ኣፍካ ሸፊንካ ምዝራብ፡ ብቀጥታ ቀይሕ ካርድ ከምዘውህብ፡ ሳልሳዋይ ተጻዋታይ ከዕሶ እግሪ ዝኾነ ፊፋ፡ ቅድሚ ምጅማር ዋንጫ ዓለም ካብ ዘተኣታተዋ ሓደስቲ ሕግታት ሓደ እዩ። እዚ ሕጊ፡ ድሕሪ'ቲ ኣከፋፋሊ በፊካ ጂያንሉካ ፕረስቲያኒ ምስ ሪያል ማድሪድ ኣብ ዝነበሮ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ንኣጥቃዓይ ቪንሰየስ ጁንየር ኣፉ ብማልያኡ ሸፊኑ ድሕሪ ምዝራቡ እዩ ተኣታቲዩ። "ሕጊ ፕረስቲያኒ" ተባሂሉ ድማ ይጽዋዕ ኣሎ።

ኣብዚ ድሮ ልዕሊ ፍርቂ ግጥማቱ ኣካይዱ ዘሎ ውድድር ዋንጫ ዓለም ከኣ ኣብ ናይ ምድብ ግጥማት፡ ኣጥቃዓይ ፓራጓይ - ሚጌል ኣልሚሮን ምስ ቱርኪ እናተጻወቱ ኣፉ ሸፊኑ ንመጋጥምቶም ብምዝራቡ፡ ናይ ፈለማ ተጻዋታይ ብቀይሕ ካርድ ዝተባረረ ኮይኑ ጸኒሑ።




ሰለስ ወጋሕታ፡ መክሲኮን ኤኳዶርን ኣብ ዘጋጠማሉ ናይ ዙር 32 ጸወታ ድማ፡ ሂንካፔ፡ ምስ መጋጥምቱ ተጻዋታይ ኣብ ዝጕራፈጠሉ ዝነበረ እዋን ኣፉ ብምሽፋኑ፡ ተመሳሳሊ ዕጫ ገጢምዎ።

ተጻወትቲ፡ ምስ መጋጥምቶም ኣብ እዋን ሕውነታዊ ዘረባ፡ ኣፎም ብኢዶም ኮነ ብማልያኦም ሸፊኖም ምስ ዝዛረቡ ግና፡ ኣየቕጽዕምን እዩ። ንኣብነት፡ ኣከፋፋሊ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ - ጁድ በሊንግሃም፡ ኣብ ናይ ምድብ ጸወታ ንተጻዋታይ ጋና - ጆርዳን ኣየው ኣፉ ሸፊኑ እኳ እንተተዛረቦ፡ ቀይሕ ካርድ ኣይተመዝገበን። ምኽንያቱ ዝኾነ ተጓናጺ ዘረባ ስለዘይነበረ።

ኣብቲ ጸወታ፡ ሓንቲ ካብቶም ሰለስተ ኣሰናዳኢት ሃገራት ዝኾነት መክሲኮ፡ ቅድሚ ዕረፍቲ ካብ ጁሊያን ኩኖኖን ራውል ጂመነዝን ብዝመዝገብወን ሽቶታት፡ 2፡0 ተዓዊታ ናብ ዙር 16 ሓሊፋ ኣላ። ትማሊ ምሸት ጋዜጣ ኣብ ሕትመት እንከላ ካብ ዝተጻወታ እንግሊዝን ኮንጎን ዝሓለፈት ድማ፡ ኣብቲ መድረኽ ንመክሲኮ ክትገጥማ እያ።

> **መደብ ጸወታ**
>
> **ሎሚ**
>
> **ሊግ ዞባ ማእከል ደቂ ተባዕትዮ**
>
> ማይ ተመናይ - ኩባንያ ሰገን 2፡00 ድ.ቀ
>
> ኩባንያ ሰምባል - - ዘራእቲን ጥሪትን 4፡00 ድ.ቀ
>
> **ዋንጫ ዓለም ዙር 32**
>
> ስጳኛ - ኦስትሪያ 10፡00 ድ.ቀ
>
> **ዓርቢ**
>
> ፖርቱጋል - ክሮኤሽያ 2፡00 ቅ.ቀ (ወጋሕታ)
>
> ስዊዘርላንድ - ኣልጀሪያ 6፡00 ድ.ቀ
>
> ኣውስትራልያ - ግብጺ 9፡00 ድ.ቀ

> **ዜና ብሓጺሩ**
>
> * ዓላሚ ሃገራዊት ጋንታ ሆላንድ - ሮናልድ ኮማን ድሕሪ'ቲ ብሞሮኮ ካብ ዙር 32 ዋንጫ ዓለም ምግላፎም፡ ስርሑ ገዲፉ።
>
> ድሕሪ'ቲ ጸወታ፡ ፍጹም ቅሉዕ ዝሰሓተ ክሌይቨርት፡ ኩንተርን ተምበርን ሱመርቪለን ብመገዲ ማሕበራዊ መራኸቢ፡ ግዳይ ዓሌታዊ ኣድልዎ ኮይኖም እዮም።
>
> * ሓለቓ ጋንታ ኣትሌቲኮ ማድሪድ - ኮኬ ክሳብ ሰነ 2027 ዘጽንሖ ሓዲሽ ውዕል ፈሪሙ።
>
> * ንዓላሚኣ ቪቶር ፐረይራ ዘባረረት ዋቲንግሃም፡ ኑቲ ካብ ክሪስታል ፓላስ ዝተፋነወ ኦሊቨር ግላስነር፡ መንበር ምስልጣን ሂባቶ።

## ናና፡ ሕጂ'ውን 'ተራእዩኒ' ይብል ኣሎ

ዙር 32 በጺሑ ኣብ ዘሎ ዋንጫ ዓለም 2026፡ ኣዘራብቲ ኮይኖም ካብ ዘለዉ ሰባት ሓደ ዝኾነ ጋናዊ ጠንቋሊ - ናና ቦንሳም፡ ሕጂ ከኣ "ኬብ ቨርደ፡ ንኣርጀንቲና ካብ ዙር 32 ክትግልፋ እያ" ኢሉ።

ናና፡ ሃገሩ ምስ እንግሊዝ ኣብ ዝበረ ናይ ምድብ ጸወታ፡ "ሃሪ ኬይን ሽቶ ከየመዝግብ ሰርየዮ ኣለኹ" ኢሉ ምንባሩ ይፍለጥ። ድሕሪ'ቲ ኬይን ሽቶ ዘየመዝገበሉ 0፡0 ዝተዛዘመን ጸወታ ከኣ "ፊቲሐዮ ኣለኹ፡ ኣብ ዝስዕብ ጸወታ ሽቶ ከመዝግብ ይኽእል እዩ" ኢሉ ነይሩ። ኬይን ኣብ ዝሰዓበት ንፓናማ 2፡0 ዝሰዓረላ ጸወታ ሽቶ ምምዝጋቡ'ውን ይፍለጥ።

"እዛ ዋንጫ ዓለም ናብ ፖርቱጋልን ሮናልዶን እያ" ኢሉ'ውን ዝነበረ ናና፡ ኣቐዲሙ ብዛዕባ ኬይን ዝበሎ ተማሲሉሉ ኣሎ - ሕጂ'ኸ፧

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኸለ

## ኣመሪካን ኢራንን፡ ቴክኒካዊ ርክብ ኣካይደን



ኣመሪካን ኢራንን ውሑስ ምንቅስቓስ መራኽብ ብመጻብቦ ሆርሙዝን ካብ ምቁራጽ ተኹሲን ንምርግጋጽ ኣብ ዘጽዕራሉ ዘለዋ እዋን፡ ትማሊ ረቡዕ ኣብ ዶሓ - ቀጠር ቴክኒካዊ ርክብ ከም ዘካየዳ፡ ብዛዕባ እቲ ዝርርብ ቀጥታዊ ኣፍልጦ ዘለዎ ሓደ ኢራናዊ ብዓል ስልጣን ሓቢሩ፡፡

እንተኾነ፡ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ኣመሪካን ኢራንን ፊት ንፊት ክራኸቡ ከም ዘይኽእሉ'ዩ ዝገለጽ ዘሎ፡፡

ልኡኻት ኣመሪካ ጃረድ ኩሽነርን ስቲቭ ዊትኮፍን ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ቀጠር ብምርኻብ ንተወሳኺ ርክብ ኣመሪካን ኢራንን ደሰርሑ እኳ እንተ ሃለዉ፡ ባዕሎም ኣብ'ቲ ዘተ ከም ዘይሳተፉ ግን፡ ብዛዕባ እቲ ዝርርብ ቀጥታዊ ኣፍልጦ ዘለዎም ምንጪታት የመልክቱ፡፡

እቲ ዝርርብ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ዝተኸተመ 14 ነጥብታት ኣብ ዝሓዘ ግዜያዊ ስምምዕ ዝተመርኮሰ ኮይኑ፡ ኖቲ ኣብ ዝሓለፈ ለካቲት ብመጥቃዕቲ ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን ዝጀመረ ኲናት ደው ንምባልን መጻብቦ ሆርሙዝ ዳግማይ ንምኽፋትን ዝዓለመ፡ ብቐንዱ ድማ ኣብ ቀዋሚ ስምምዕ ሰላም ንምብጻሕ ን60 መዓልታት ዝጸንሕ ናይ ዝርርብ መድረኻት ንምፍጣር እዩ፡፡

ይኹን'ምበር፡ ኣመሪካን ኢራንን ብዛዕባ'ቲ ግዜያዊ ውዕል ኣብ ዘይምርድዳእ ብምጽንሐን፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ናይ ሕነ ምፍዳይ ወተሃደራዊ መጥቃዕትታት ኣብ ነንሕድሕደን ከም ዝፈጸማ ኣይርሳዕን፡፡

ኢራን፡ ኣብ ልዕሊ እቲ መጻብቦ ዘለዋ ቁጽጽርን ኣብ ልዕሊ'ተን በቲ መጻብቦ ኣቢለን ዝሓልፋ ዝወጻ መራኽብ ክፍሊት ናይ ምእካብ መሰላ ኣህጉራዊ ኣፍልጦ ከም ዝረኽብ ንምግባርን ቀሪጻ ተላዒላ ከም ዘላ፡ እቶም ምንጪታት የመልክቱ፡፡

## ፓኪስታን፡ ንሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ኣፍጋኒስታን ዓጊታ



ምምሕዳር ጣሊባን ኣብ ልዕሊ መሬት ፓኪስታን መጥቃዕቲ ኣየር ከም ዝፈጸመ ኣብ ዝገለጸሉ ዘሎ እዋን፡ ፓኪስታን፡ ሓይልታታ ኣብ ደቡባዊ ግዝኣት ባሎቺስታን ኣርባዕተ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ከም ዝዓገተት ትማሊ ረቡዕ ሓቢራ፡፡

ምምሕዳር ጣሊባን ኣብ መጀመርታ ናይ'ዚ ሰሙን'ዚ ፓኪስታን ኣብ ምብራቓዊ ኣፍጋኒስታን ንዝፈጸመቶ መጥቃዕቲ ኣየር ምላሽ ክህቡ ከም ዝኾነ ከጠንቅቁ ምጽንሖም ይፍለጥ፡፡

ሚኒስተር ምክልኻል ፓኪስታን፡ ጣሊባን ንኽልቲአን ጎረቤት ሃገራት ኣብ ዘዳውብ ከባቢታት ኣርባዕተ ዘይምዕቡላት ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ከም ዝለኣኸ ድሕሪ ምሕባር፡ ዒላማአን ከይወቕዓ እንከለዋ ግን ብሓያል ስርዓት ምክልኻል ኣየር ሃገሩ ከም ዝተዓገታ ገሊጹ፡፡

ሚኒስትሪ ምክልኻል ኣፍጋኒስታን ብወገኑ ብኢክስ ኣብ ዝሓለፈ መግለጺ፡ ኣብ ባሎቺስታንን ሰሜናዊ ምዕራብ ኣውራጃ ኻይበር ፓኽቱንኽዋን መጥቃዕቲ ኣየር ከም ዝካየደ እሞ ድማ ምስ ዳዒሽ ምትእስሳር ኣብ ልዕሊ ዘለዎም ዕጡቓት ጉድኣት ከም ዘስዓበ ሓቢሩ፡፡

ስርዓት ጣሊባን ነፈርቲ ውግእን ምሉእ ብምሉእ ዝሰርሕ ሓይሊ ኣየርን እኳ እንተ ዘይብሉ፡ ምስ ፓኪስታን ኣብ ዝነበሮ ግጭታት ግን ንኣሽቱ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ተጠቒሙ ብቐንዱ ኣብ ዶባት ንዝርከቡ ከባቢታት ዒላማ ክገብር ምጽንሑ ይግለጽ፡፡

ጣሊባን ኣብ 2021 ናብ ስልጣን ካብ ዝምለስ ንደሓር፡ ዲፕሎማሲያዊ ርክብ ፓኪስታንን ኣፍጋኒስታንን ወጥሪ ዝመልኦ ኮይኑ ይቕጽል ከም ዘሎ፡ ጸብጻባት የረድኡ፡፡

## ማሊ፡ ቡርኪናፋሶን ኒጀርን ካብ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ምውጽአን ስክፍታ የለዓዕል

ምስሓብ ማሊ፡ ቡርኪናፋሶን ኒጀርን ካብ ኣባልነት ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ገበን (ICC)፡ ንዓለምለኻዊ ምድላይ ፍትሒ ዘናኽም ምኻኑ፡ ፈጻሚ ናይቲ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ገበን ገሊጹ፡፡

በዚ ድማ፡ እቲ ትካል፡ ኣብ ልዕሊ'ተን ሃገራት ዝወሰዳኦ ስጉምቲ ዘለዎ ስክፍታ ኣስሚዑ ኣሎ፡፡

እተን ብወተሃደራዊ ሓይሊ ዝምራሓ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ዝሓለፈ መስከረም ካብ'ቲ ንውልቀ ሰባት ብገበናት ኲናትን ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነትን ዝኸስስ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ከም ዝወጻ ኣፍሊጠን ምንባረን ኣይርሳዕን፡፡

ሰለስቲአን ሃገራት ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዘውጽኣኦ ሓባራዊ መግለጺ፡ ነቲ ኣብ ዙሄግ - ኔዘርላንድስ ዝመደበሩ ቤት ፍርዲ፡ "መሳርሒ ሓድሽ መግዛእታዊ ጸቕጢ፡" ክብላ ወቒሰንኦ ምንባረን ይዝከር፡፡

ኖቲ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ዝቖማ ሃገራት ዝወከል 'ባይቶ ተሳተፍቲ ሃገራት' ብወገኑ ኖቲ ኩነታት ብስክፍታ ከም ዝስተብሃለሉ ብምግላጽ፡ በቲ ምስሓብ ከም ዝሓዘ ገሊጹ፡፡

እቲ ባይቶ ወሲኹ፡ ካብ ኣህጉራዊ ቤትፍርዲ ገበን ዝወጻ ሃገራት፡ ሓባራዊ ምድላይ ፍትሒ ናይ ምድኻምን ዓለማዊ ጻዕርታት መቕጸዕቲ ናይ ምውጋድን ሓደጋ ከም ዘጋጥመን ኣረዲኡ፡፡

ኣብ'ዚ እዋን ብድምር ን125 ሃገራት ብኣባልነት ዝጥርንፍ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ገበን፡ ቻይና፡ ህንዲ፡ እስራኤል፡ ሩሲያን ኣመሪካን ዝርከባአን ካልኦት ሓያሎ ዓበይቲ ሓይልታት ዛጊት ከም ዘይተጸንበራኦ ይሕበር፡፡



## ፈረንሳ፡ ቀዳማይ ዙርያ ምርጫ ኣብ 2027 ክተካይድ መዲባ

ፈረንሳ፡ ቀዳማይ ዙርያ ፕረዚደንታዊ ምርጫኣ 18 ሚያዝያ 2027 ክተካይድ ምኳና፡ ኣፈኛ መንግስቲ ናይ'ታ ሃገር ማውድ ብሬጀዮን ትማሊ ረቡዕ ገሊጹ፡፡




ንሳ ወሲኹ፡ እቲ ካልኣይ ዙርያ ምርጫ ድማ 2 ግንቦት 2027 ክካየድ ምኳኑ ሓቢሩ፡፡

እቲ ንፕረዚደንት ኤማኑኤል ማክሮን ንምትካእ ዝግበር ምርጫ ከም ዓቢ ውድድር ደርእ ከም ዘሎ ዝጠቕሱ ጸብጻባት፡ ኣቐዲሙ ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም፡ ሕሉፍ የማናዊ ሃገራዊ ሰልፊ ኣብ መሪሕ ደረጃ ከም ዝርከብ የረድኡ፡፡

ብመሰረት ቅዋም ፈረንሳ፡ ንኽልተ ተኸታታሊ እብረ ኣብ መሪሕነት ዝጸንሐ ፕረዚደንት ዳግማይ ኣብ ምርጫ ክወዳደር ከም ዘይክእል ይሕበር፡፡

## ኣፍጋኒስታን - ነተጕቲ ንምጽራይ ምወላ ተሓቲቱ

ቤት ጽሕፈት ምውህሃድ ሰብኣዊ ጉዳያት ሕቡራት ሃገራት (OCHA)፡ ድሕሪ ኲናት ኣፍጋኒስታን ዝተፈንጀረ ኣጽዋር ኣብ መላእ'ታ ሃገር ብዝያዳ ንህጻናት ስግኣት ኮይኑ ኣብ ዝቕጽለሉ ዘሎ እዋን፡ ነተጕቲ ንምጽራይ ህጹጽ ምወላ ክወሃቦ ጸዊዑ፡፡

ኣፍጋኒስታን፡ ብዝተፈንጀረ ነተጕቲ ካብ'ተን ብጣዕሚ ዝተሃስያ ሰለስተ ቀዳሞት ሃገራት ዓለም ኮይና፡ ኣስታት 80 ሚእታዊት ግዳያት ናይ'ቲ ከይተፈንጀረ ዝጸንሐ ነተጕቲ ህጻናት ክኾኑ እንከለዉ፡ ብማእከላይ ገምጋም ድማ ኣስታት 50 ሰባት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ከም ዝሞቱ ወይ ድማ ኣካላዊ መጕዳእቲ ከም ዘጋጥሞም፡ ሓላፊት መራኸቢታት ኦሲኤችኤይ ኣብ ኣፍጋኒስታን ገሊጻ፡፡

ንሳ ወሲኻ፡ ኣፍጋናውያን ብውሑሳት ብዘይ ፍርሕን ክነብሩ እንተ ኾይኖም፡ ኣዝዩ ገዚፍ ኣህጉራዊ ደገፍ ብህጹጽ ከም ዘድልዮም ኣስሚራትሉ፡፡

ብመሰረት ጸብጻብ ብዓል መዚ ሃገራዊ ምሕደራ ሓደጋ ኣፍጋኒስታን፡ ምስ ሃገራውያንን ኣህጉራውያንን መሻርኽቲ ብምውህሃድ ዝሰርሑ ጉጅለታት ምጽራይ ነተጕቲ፡ ኣብ 2025 ኣብ መላእ'ታ ሃገር ብጠቕላላ ኣስታት 58 ትርብዒት ኪሎ ሜተር ዝሸፍን ነተጕቲ ኣጽርዮም፡፡



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ገዛ ኸኒሻ | 02/07/2026 | ጎደና ኸሳድ ጉዋ 195 ኮብ. 2ይ ደረጃ ቤ/ት ደሳቕ ተወልደመድህን | 08202877 |
| ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | | ቁ.ቴሌፎን 127565 | |

Sabur Printing Services